

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.149 ዓርቢ 21 ለካቲት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ክንክን ኣእጋር ኣብ ግዳያት ሕማም ሽኮር



ገጽ 3
ወዲማጆር፡ ነጸብራቕ ጅግንነት ተጋዳላይ



ገጽ 4
ሲ.ኤፍ.ኤይ. (CFA) ፍራንክ ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ...



ገጽ 5
ፍልልይ ኣተሓሳስባ



ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድራት እዚ-ምብራቕ ይቕጽል




## ሰንዓፈ - ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ንምምዕባል ዋዕላ ተቓኒዑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ "ኮም ዝሰረቱ ንጥፈታት ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ብዝብል ቴማ፡ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ንምምዕባል ዝዓለመ ዋዕላ፡ ብ18 ለካቲት ተቓኒዑ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ንኡስ ዞባ ምስ ዘለዎ ጸጋታት ብዙሕ ክሰርሖ ከምዝኽእል ብምእማን፡ ጭቡጥ መደባት ሓንጺጽካ ምዕያይ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ንዝሎ ተወህቦ፡ ድሌትን ተወፋይነትን ምትብባዕ ክጠበረሉ ምኳኑ ገሊጹ።

ወከልቲ ኣሃዱ ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ኣቡበከር ዓብደላ ብወገኑ፡ ኣብ ዘለናዮ መዋእል ኣገዳስነት ባህልን ስፖርትን እናዓበየ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ዝኢ ብዝያዳ ክሰርሓሉ እዋን ዝጠልብ ምኳኑ ኣገንዚቡ።

ተበግሶ ምስ ዝህሉ ዕዉት መደባት ክዕየ ከምዝኽእል ዝጠቐሰ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ፡ ኣብ ስፖርት ዝቐደደ ንጥፈት ምስ ግዜ ዝውቃዕ ሸቶ ስለዝኾኑ፡ ብውህደት ክይተሓለልካ ምስራሕ ከምዘድሊ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ክሉብ መንእሰያት ክዋደድ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ንስፖርት ኣብ ዘውዕል ኣታዊታት ኣበርክቶ ክገብሩ፡ ከምኡ'ውን ተዓዲጉ ዘሎ መሳርሒታት መዚቃን ኣልባሳትን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝብል ርእይቶታት ሂቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር፡ ምውዳድ ሜዳ ከዕሶ ሰኪይትን መርበብን ካብ መደባት ሰራሕ 2025 ከምዝኾኑ ኣሕሲሩ።

ብኻልእ ወገን ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ቅድድም ኣግማል ከም ዓውዲ ስፖርት ንምምዕባል ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ "ገመል - ካብ ጥንታዊ ባህሊ ናብ ስፖርታዊ ወፍሪ" ብዝብል ቴማ ብ15 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ደገ ተቓኒዑ።

ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ'ቲ ዞባ ንዘርከብ ትሕዝቶ ኣግማል ብምጽናዕ፡ ንስፖርታዊ መዓላ ዝኾና ኣግማል ንምልላይን ቅድድም ኣግማል ንምብርባርን ከምዝኾነ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ መሓመድ ዑስማን ሽላል ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ኣርባዕተ ዓሌታት ዝጥርነፋ ኣስታት 104 ሽሕ ኣግማል ከምዘለዋ ዝሓበረ ኣቶ መሓመድ-ዑስማን፡ ኣብ 2024 ፈላሚ ዞባዊ ውድድር ኣብ ሃይኮታ ከምእተኻየደ ብምጥቃስ፡ እቲ ዋዕላ ኣብ ዓውዲ ቅድድም ኣግማል መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ ትጽቢት ከምዝገበር ኣገንዚቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፡ ካብ ኣግማል ዝርከብ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ረብሓታት ንምዕባይ ኣብ መጽናዕቲ ዝተሰረተ ውሁድ ወፍሪ ከምዘድሊ ብምሕባር፡ ብልምዳዊ ኣገባብ ዝቐደድ ቅድድም ኣግማል ናብ ዘመናዊ ዓውዲ ስፖርት ንምስግጋር ከምዝሰራሕ ገሊጹ።



ስእሊ ፍሊሞን ትካቦ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ ብወገኑ፡ ንድሕረባይታ ቅድድም ኣግማልን ኑቲ ዓውዲ ዝምረጻ ዓሌታትን ዝምልከት መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ብደረጃ ዞባ ተበግሶ ዘሎ ዕቑር ጸጋታት ኣግማል ኣብ ስፖርታዊ ረብሓ ንምውዓል ዝዓለመ ተበግሶታት፡ ብውህደት ክድፋኣሉ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ዓውዲ ቅድድም ኣግማል ንምምዕባል ተበጊሱ ዘሎ መደብ ንኽዕወት፡ ምምሕዳራት ንኡስ ዞባ ምስ ቀዋምነታተን ሰሪዐን ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

## ኤርትራውያን ዲያስፖራ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም

ኣብ ረፓብሊክ ደቡብ-ኣፍሪቃ፡ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ጀርመንን ሆላንድን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም።

ከካብ ቦትኡ ብዝመጽአ ሓበሬታ፡ ኣብ ጀርመን - ከተማ ከሰን ብ15 ለካቲት ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዓለማዊ ምዕባለታት ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል መኸተን ስጥመት ሃገራዊ ውዳበታትን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናር ተኻዪዱ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተራ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝብና ሕመረት መደባት መኸተ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ትኩርነትና ብምሕያልን መሳርዕና ብምስጣምን መድረኽ ዝጠልቦ ንምምላእ ብዕቱብ ምስራሕ ከምዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣቶ ሳልሕ ዑመር ብ16 ለካቲት ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ጎደቦናን፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ምዕባለታት፡ ከምኡ'ውን ዝምድና ኤርትራ ንምምዕባልን ንምስፋሕን ዝተኻየደ ጻዕርን ኺሳራቱን ኣመልኪቱ ንኤርትራውያን ነበርቲ ጆሃንስበርግ መግለጺ ሂቡ።

ኣምባሳደር ሳልሕ ብዘወሃሃበ፡ ዜጋታት ኣብ'ቲ መንግስቲ ዘሰላስሎ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት እጃሞም ከበርክቱ ብዝወጸ መደብ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዕድላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ኣብ ዝወጸ ወጥኑ ዜጋታት ማሕበራትም ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ 2024 ዝተዓመ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ልምዓታውን ስራሓት፡ ከምኡ'ውን ዓመታዊ ጸብጻብ ኤምባሲ ኣቕሪቡ።



ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘቐደዎ ዘተ፡ ኣብ ወግሪት እትርከብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣ'ስሙድ ንምምዕባል ገንዘባዊ ወፈያ ክገብሩ ከምዝወሰኑ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፍ ዓቕሞም ዝፍቅዶ ኣበርክቶ ክገብሩ ጸዊዖ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ብ14 ለካቲት ምስ ኣባላት ሓብሬታ የረድኡ።

ኣቐዲሞም'ውን፡ ተቐማጦ ደማምን ከባቢኣን - ምብራቓዊ ዞባ ስዑዲ ዓረብ፡ ብ7 ለካቲት ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡ ተበጊሱ ኣብ ዘሎ መደባት ልምዓት ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ገሊጾም።

ብኻልእ ወገን፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ሆላንድ፡ "ፈንቅል - ቀንዕ ሕርያ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 1 ክሳብ 8 ለካቲት ኣብ ሓሙሽተ ከተማታት ዝኸደ መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ጸምቢሎም።

ቈንስል ኤርትራ ኣብ ሆላንድ ኣቶ ክብረኣብ ተወልደ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስርሒት ፈንቅል - በሪ ናጽነት ዘርሓወ ታሪኻዊ ስርሒት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ከም ዜጋታት - ምእንቲ ኤርትራ ንዘወደቑ ሰማእታት እናዘከርና፡ ሕድርም ንምጽናዕ ኣብ መደባት ልምዓት ኣድና ንምጽንባር ቃልና ከሐድስ ከምዝዮኦ ሓቢሩ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ክንክን ኣእጋር ኣብ ግዳያት ሕማም ሽኮር

ብሕማም ሽኮር ዝተጠቕዐ ግዳይ ምስ እትኸውን፡ ብሓያሎ ጸገማት ናይ ኣእጋር፡ ንኣብነት ብቑስሊ፡ ክትሳቐ ትኽእል ኢኻ፡፡ ሓኪይም ከም ዘመልክትዎ፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ብመጉዳእቲ መትንታትን ሻምብቆታት ደምን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ፡፡ እዚ፡ ንረኽሲ ቆርበትን ካልእ ቁስልን ዝተቓልዐ ይገብሮም፡፡

ኣብ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ዝረት ደም ናይ ምድንጓይ ባህሪ የርኢ እዩ፡፡ በዚ እቲ ቀሰሉ ዘሎ ክፍሊ ሰብነት ቀልጢፉ ክሓዊ ኣይክእልን፡፡ ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብሩ ሰባት፡ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይገብሩ፡ ህዋሳዊ (sensory) ስምዒቶም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተሓተ እዩ ዝኸይድ፡፡ ኢዶም ወይ እግሮም ተጐዲኦም እንከለዉ ከይተሰምዖም ነዊሕ ክኸዱ ስለ ዝኽእሉ፡ እቲ ረኽሲ ተጋዲዱ ትረኽቦ፡፡

ሽኮር ኣብ ኣካላትና ዝጊጥመና መጉዳእቲ ብቐሊሉ ግዜ ከይበልዐ ንኽሓዊ ናይ ምፅንቃቕ ተኽእሎ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ኣብ ኣካላትና ብፍላይ ድማ ኣብ መሓውርና ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐ ክንገብር ከም ዘለና እዮም ሓኪይም ዝመኽሩ፡፡ ሽኮር ዘለዎም ሰባት ካብዞም ዝተጠቕሱ ጸገማት ንምግልጋል፡ ከዘውትርዎምን ከዘውትርዎም ዘይብሎምን ምኽርታት ሰዒቦም ተዘርዚሮም ኣለዉ ክትጥቀምሎም ይግባእ፡፡

ከዘውትርዎም ዘለዎም፦

- መጠን ሽኮር ኣብ ደምካ መዓልታዊ ክትለክዮ ይግባእ፡፡ ኣብ ግዚኡ ግቡእ ሕክምናዊ ፍወሳ ትገብር ብምህላውካ፡ ነቲ ሽኮር ተቖጻጺርካዮ ከም እትርከብ ከተስተብህል ይድለ፡፡ ብግቡእ ክንክንን ኣብ ግዜኡ ፍወሳን ዝገብር ግዳይ፡ ካብቲ ክንክን ዘይገብር፡ ብረኽስን መቝሰልቲ ኣእጋርን ካልእ ክፍሊ ሰብነትን ክሳቐ ዘለዎ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ፡፡

- ኣእጋርካ መዓልታዊ ክትሓጽቦ ይግባእ፡፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት መዓልታዊ ኣእጋሮም ብሶምናን ልብጦ ብዘለዎ ማይን ክሓጽብዎ ይምከር፡፡ ኣእጋሩ ብዘይግባእ ከንቅጽ'ውን ይግባእ፡፡ ኣብ ኣእጋሩ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኣጻብዕቲ ጠሊ ከም ዘየለ ከረጋግጽ ይምከር፡፡ እዚ ምስ ኣረጋገጸ ጥራሕ'ዩ ጫማ ክወዲ ዝኽእል፡፡

- ኣብ ጽሬት ኣጻብዕቲ ኣጻፋርካ ግቡእ ምክትታል ክትገብር የድለ፡፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ኣጻፋሩ ብጥንቃቐ ክቖርጽ ይግባእ፡፡ ንምምልኻዕ (ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ) ዝኾነ ዝልከ ነገር ኣብ ኣጻፋርካ ክትገብር ኣይግባእን፡፡

- ኣእጋርካ ልዕሊ ዓቐን ከይደርቐን ከይነቕጽን ምክትታል፡፡ ኣእጋርካ ድሕሪ ምሕጻብካን ብዘይግባእ ምንቃጽካን ቅብኣት እናለኸኻ ንኸይደርቕ ክትሕልዎ ይምከር፡፡

- ኣእጋርካ ነጽላ ዝሆኑ ጫማ ክትወዲ ይግባእ፡፡ ጸቢብ ወይ ተረር ጫማ ምውዳይ ረኽሲ ክፈጥር ከም ዝኽእል ኣይትዘንግዕ፡፡

- ክብደት ኣካላትካ ንምቍጽጻር ጸዕርታት ኣካይድ፡፡ ምኽንያቱ ሓደ ካብ ጠንቅታት ሕማም ሽኮር እዩ፡፡ ክብደት ኣካላትካ ብኣገባብ ብምቍጽጻርን ብምንካይን ኣብ ደምካ ዘሎ መጠን ሽኮር ናብ ንቡር ደረጃ ንምውራዱ ከም ዝሕግዝ ኣስተብህል፡፡

ከዘውትርዎም ዘይብሎም፦

- ብውዑይ ማይ ኣእጋርካ ክትሓጽቦ ኣይግባእን - እዚ ንሽኻ ከይተረድኣካ ንቆርበትካ ክቃጽሎ ስለ ዝኽእል፡፡ ሓንሳብ ቆርበትካ እንተተቓጺሉ ድማ ናብ ዝኸፍአ ቁስሊ ክተምርሕ ትኽእል ኢኻ፡፡

- ጥራይ እግርካ/ ብዘይ ጫማ ክትኸይድ ኣይግባእን፡፡ ጥራሕ እግርካ ምጉዓዝ ንዝኾነ መጉዳእቲ ዝተቓልዐካ ምኻንካ ኣስተብህል፡፡

- ቁስሊ ምስ ዝህልወካ ካብ ትእዛዝ ሓኪም ወጻኢ ባዕልኻ ክትሕክም ኣይግባእን፡፡

ሕማም ሽኮር እንታይ እዩ?

ሓይሊ ዝሁብ መግቢ ካርቦሃይድረይድ ኮይኑ፡ ኣብ ማስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ተሰቢሩ ዋህዮታትና ክጥቀምሉ ናብ ዝኽእሉ ናብ መወዳእታ ደረጃ ናብ ግሉኮዝ ተዳቒቑ ንስራሕ ድሉው ክኸውን እንከሎ እዩ፡፡

ኢንሱሊን ድማ ንቡር ዓቐን ሽኮር - ግሉኮስ ኣብ ደም ዝሕሉ ዓይነት ነዞዒ (ሆርሞን) እዩ፡፡ ካብ ቆስጠ ዝተባህለት ጸኪ ይነዝዕ፡፡ ጥዕና ቆስጠ ምስ ዝሰናኸል፡ ነዞዒ ኢንሱሊን ሆርሞን ይሰናኸል'ሞ፡ እቲ ግሉኮዝ ተቓጺሉ ኣብ ጥቕሚ ዋህዮታት ኣይውዕልን፡፡ ስለዚ፡ እቲ ዝግባእ ሓይልን ሙቐትን ኣይንረኽብን፡፡ ዓቐን ግሉኮዝ ኣብ ደም ድማ ካብ ንቡር ወጻኢ ይኸውን'ሞ፡ ሕማም ሽኮር ይዝይድ፡፡

ኣብ ዓለም ኣስታት 422 ሚልዮን ህዝቢ ሕማም ሽኮርያ ከምዘለዎምን ዓመታዊ ከኣ ልዕሊ 1.6 ሚልዮን ከም ዝሞቱን ይግመት፡፡ ኣብ 2030 ብዕጽፊ ክውሰኽ ከም ዝኽእል ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ይእምት፡፡

ምልክታት ሕማም ሽኮር - ቀቀልጢፍካ ብዙሕ ምሻን፡ ቀቀልጢፍካ ምጥማይ፡ ተደጋጋሚ ብርቱዕ ጽምኢ፡ ምጉዳል ሚዛን ሰብነት፡ ሕውዝውዝ ምባልን ቀጻሊ ድኻምን ክኾኑ እንከለዉ፤ ጠንቅታቱ ድማ ምኽራሽ፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ጽሕጊ/ገፊል ዘለዎም ዝተመጣጠኑ መግብታት ዘይምዝውታር ...ወዘተ እዮም፡፡

ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ኣመጋግባኡ ዘርእዮ ተገዳስነት እቲ መሰረታዊ ፍወሳ እዩ፡፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ኣብ ዓይነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓቐን መግብን ግዜ ኣመጋግባን ክጥንቀቕ ከም ዘለዎ እዮም ሓኪይም ዝጸንዑ፡፡ ጽሕጊ ዘለዎም ኣእካል፡ ሓያስቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ፡ መዓልታዊ ብዝተዋህበ ካብ ክልተ ሊትሮ ዘይውሕድ ማይ ምስታይ ነቲ ሕማም ካብ ዝሰምምዖ ሜላ ኣመጋግባ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ንቡር ኩነታት ናይቲ ግዳያት ብቐልጢፍ ሓቒቕም ሽኮር ከመንጭዉ ካብ ዝኽእሉ ከም ተምሪ፡ ጸዓዳ ሽኮርን መዓርን ካብ ምውሳድ ምሕራም ይግባእ፡፡

ምቍጽጻር ሕማም ሽኮር


- ኣብ ፍወሳ ሕማም ሽኮር፡ እቲ ግዳይ ብዛዕባቲ ሕማም እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ እቲ መሰረታዊ ነጥቢ እዩ፡፡

- ሕማም ሽኮር ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ክትነብረሉ ኮሎ ከም ዘይክእል ሕሙም ብግቡእ ክርዳእ ይግባእ፡፡

- ቀጻሊ ጽሬት ኣካላት ምኽያድ፡፡ ጥራይ እግርካ ዘይምንቅስቓስ፡ ቅድሚ ድቃስ ኣእጋር ብልብጥ ማይ ምሕጻብን ምድህሳስን፡ ዓይነት ጫማ ምምራጽ፡፡ ጸፍሪ ኣጻብዕቲ ብጥንቃቐ ምስዳድ፡፡ ቀጻሊ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራታት ምኽያድን ካልእን የጠቓልል፡፡

ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ፡ መጠን ናይቲ ዘድልዮ ጸዓት ንምርካብ ጥራሕ ክምገብ እዩ ዘለዎ፡፡ ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 1200 ክሳብ 2400 ኪሎ ካሎሪ ኣብ መዓልቲ ክረክብ ኣለዎ፡፡ እዚ ምስ ጾታን ግዝፍን ኣካላት ይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ተረኺቡ ኢልካ ብዙሕ ምምጋብ ግና ንጥዕናኻ መለሱ ከም ዘይህብ ኣይትረስዕ፡፡

ሓይሊ ዝህቡ መግብታት ከም ሩዝ፡ ፓስታ፡ ቅጫ፡ ባን፡ ጣይታ ወዘተ ዝኣመሰሉ መግብታት ዝበዝሐ ክፋል ዕለታዊ መግቢኻ ኣብ እዋን ቁርሲ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ እዋን ምሳሕን ድራርን ኣሕምልቲ ብብዝሒ ክትምገብ ተመሪጹ




ይኸውን፡፡

ሕማም ሽኮር ሓደኛ ካብ ዝኾኑ ምኽንያት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምዃኑ እዩ፡፡ ሕማም ሽኮር ጠንቂ ኬቶ ኣሲዶሲስ (keto acidosis)፡ ዋሕዲ ሽኮር ኣብ ደም (hypoglycemia)፡ ሕማም ዓይኒ፡ ሕማም ኩሊት፡ ምቍራጽ መሓውር፡ ረኽሲ ኣሰናንን ግርጻንን፡ ምቍሳል ቈርበት፡ ሕማም ልብን ሓንጎልን፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልእን እዩ፡፡

ኣብ ሕማም ሽኮር ኣእጋርና ሓያሎ ምልክታት እዩ ዝህቡና፡፡ ስለዚ ኣእጋርና፡ ክሳብ መንጎ ኣጻብዕትና፡ ብኹሉ ወገናቶም ብዝግባእ ክንምርምሮን ክንዕዘቦን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ዝለምለመ፡ ዝተረረ፡ ዝሓበጠ፡ ዝረኸሰ፡ ሕብሩ ዝቐየረ፡ ዝተጨዳደደ ወይ ዝሓርፈፈ ዘይንቡር ተርእዮታት ከይህሉ ኣእጋርካ ብዝግባእ ክትዕዘቦ የድለ፡፡

ኣስተብህል! ብደረጃ ዓለም ኣብ ዓመት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ሕማም ሽኮር መሓውሮም ይቘረጹ፡፡ ስለዚ፡ ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ናብ ዓራት ቅድሚ ምድያቡ መዓልታዊ ኣእጋሩ ብግቡእ ክድህስሶም ይግባእ፡፡ ኣብ ገዛ ኣብ ዝህልወሉ እዋን'ውን ብዘይ ጫማ ክንቀሳቐስ የብሉን፡፡ ምስቲ ሕማም ዝኸይድ ገፊሕ፡ ታኮ ዘይብሉ፡ ምቹእ ናይ ቆርበት ጫማ ክውዲ ይግባእ፡፡

ሕማም ሽኮር ንዘለዎም ሰባት ዝበለጹ መግብታት

- ስገም፦ ብዘተጨጨፈ ስገም ዝተዳለወ ሹርባ ምምጋብ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ብ70 ሚእታዊት ናይ ምጉዳል ተኽእሎ ከም ዘለዎ ዝተኻየዱ መጽናዕታት ኣረጋጊጾም፡፡ ስገም ብጽሕጊ ካብ ዝሃብተሙ ዓይነታት ኣእካል ሓደ ብምዃኑ፡ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ንዊሕ ሰዓታት ጎዲሉ ንኽጸንሕ ይሕግዝ፡፡


- ጥረታት፦ ባልደንጓን ዓተርን ዝኣመሰሉ ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ኣለዎም፡፡ እዞም ጥረታት እኹል ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘለዎም ብምዃኖም'ውን መጠን ሽኮር ኣብ ደም ትሑቱ ንኽጸንሕ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎም፡፡

- እንቋቑሖ (ብመጠኑ)፦ እንቋቑሖ ልዑል ፕሮቲን ስለ ዘለዎ፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ብመጠኑ ክወስድዎ ምስ ዝኽእሉ ቀልጢፉ ጥሜት ከይሰምዖም ይገብር፡፡ በዚ ድማ ኣብ ደም ናይ ዘሎ መጠን ሽኮር ክጎድል ይሕግዝ፡፡

- ዓሳ፦ ሕማም ሽኮር እቲ ቀንዲ ዘስዕቦ ጸገም ናይ ልቢ ጸገም እዩ፡፡ ዓሳ ምምጋብ ኣብ ክልተ ሰሙን ሓንሳብ'ውን እንተኾነ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ጸገም ናይ ልቢ ክንጥቃዕ ዝለና ተኽእሎ ብ40 ሚእታዊት ከም ዝጎድል ይገብሮ፡፡ ስለዚ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ዝበለጸ ጥዕና ክረኽቡ ዓሳ ምምጋብ ከዘውትሩ ተመሪጹ ከም ዝኾነ ክኢላታት ስነ መግቢ የስምሩሉ፡፡

- ዘይቲ ኣወሊዕ፦ ዘይቲ ኣወሊዕ ጸረ-ምቅጻል (anti inflammatory) ባህሪ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ንሕማም ሽኮርን ልብን ናይ ምቅላስ ጠባይ ኣለዎ ማለት እዩ፡፡

- ምቁር ድንሽ፦ ኣብ ክንዲ ድንሽ ምቁር ድንሽ ዘለዎ መግቢ ምብላዕ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ብ30 ሚእታዊት ንኽይድይብ ይሕግዝ፡፡ ምቁር ድንሽ ብጽሕጊ ዝበልጸገ ዓይነት መግቢ እዩ፡፡ ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳል፡ ምሕቃቕ መግቢ ብንጥፈት ንምኽያድን ይሕግዝ፡፡ ብ'ካሮቲኖይድ' (carotenoids) ዝሃብተመ ብምዃኑ ድማ ሰብነትና ንኢንሱሊን ብቐጻሊ ግብረ መልሲ (insulin respond) ንምሃብ የኽእል፡፡







## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወዲ-ማጆር፡ ነጸብራቕ ጅግንነት ተጋዳላይ

ሻውዓይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ሻድሻይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ወዲማጆር ኑቲ ኣብ ቀዳማይን ዘይዕዉትን መጥቃዕቲ ኣውጉት ዘጋጠሞ ማህረምቲ ናይ ክልተኡ ኣእዳዉ ከዩሕወየ ካብ ሕክምና ተመሊሱ ኣብቲ ካልኣይን እዚ ውቃው ዝተደምሰሰሉን መጥቃዕቲ ከም ዝተሳተፈ፣ እንተኾነ ሕጂ'ውን ከቢድ ናይ ርእሲ ማህረምቲ ኢጋጢሙዎ ናብ ማእከላይ ሕክምና ከም ዝተወሰደ፣ ኣብ ማእከላይ ሕክምና ውድብ ነዊሕ ኣዋርሕ ክንክን ተገይሩሉ ክመሓየሸ'ኳ እንተኸኣለ፡ እዛ መውጋእቲ'ዚኣ ግን ከቢድ ብምንባራ ተመሊሱ ናብ ቅድመ ግንባር ክኸይድ ስለ ዘይከኣለ ኣብ እንዳ ንግዲ ተመደበ፣ ወዲ-ማጆር ግን ኣብ ክፍሊታት ውድብ ምምዳቡ ስለ ዘይተቐበሎ፡ ካብኡ መሚሊቑ ናብ ግንባር ብምኢታው፡ ብናቱ ውሳነ ኣብ ውግእ ይሳተፍ ምንባሩ ተረኺቡ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፤*



ሻምበል ካሕሳይ ገ/ሂወት (ኣቦ ወዲ ማጆር)

ጸላእቲ ንንቕሓትን ንኤርትራዊ ናይ ምቅላስ መንፈስን ብዘዮዮእ ኣይገምገሙዎን። ተጋዳላይ ኮነ ገባራይ፡ ዕላማ ናይቲ ዝኸየድ ዝነበረ ዕጥቃዊ ቃልሲ መዓልቦኡ ናጽነት ምዃኑ ንጹር ራኢ እናተራእየም'የም ኣብ ቃልሲ ዝተጸምዱ። ንዘዕለዩ ዘኩላስ ዜጋ፡ "ገድሊ" ማለት በቲ ዝኣመንካሉ ዕላማ ሽቶ ናጽነት ንምጭባጥ ዝኸየድ ሓብራዊ ጉዕዞ እዩ። ኣብ ሓብራዊ መረዳእታን ዕላማን ስለ ዝሰመረ፡ ሓንሳብ ኣብዚ ተወጢሑ ርኹብ ምስ ረገጸ ክዓልዎ ዝኽእል ሓይሊ ኣይተረኽበን። ገድሊ፡ ሃገር ንምዃን ናይ ውልቅን ናይ ሓብርን ዕላማ እዩ። ንሃገር ዝፈጥራ ሰብ እዩ። ሃገር ብሰብ'ምበር ብሓመድን እምንን ኣይኮነን ዝህነጽ። ኣብ ከም ወዲ-ማጆርን ብጾቱን ዝኣመሰሉ ተጋደልቲ ኤርትራ ከም ዝተመስከረ፡ ናይ ምጣር ዓቕሚ ወዲሱብ ደረት የብሉን። እንተንቂዱ ኣንጻር ሕጊ ተፈጥሮ፡ ኣንጻር ባህርን ወህብቶን ኣንጻር ኩሉ ደው ንምባል ብቑዕ እዩ። እዚ ዝኑበር ግን እቲ ንኑቡሱ ዝመልኽ ብልዑል ዲስፕሊን ዝተመልመለ ሰራዊት ዘለዎ ሕብረተሰብ ጥራይ እዩ። ሓደት ክንእሱ ክንዲ ብዙሓት ክኑበር ይኽእል። ሓደ ክንእሱ ህዝብን ሃገርን ክኸውን ይበቅዕ።

እዚ ዝነበረ እንተሎ፡ ኤርትራዊ ተጋዳላይ እዩ። ኤርትራዊ ተጋዳላይ ሓደ ክንእሱ ክንዲ 15ን ልዕሊኡን ተረቢሑ። ነፍሲ-ወከፍ ተጋዳላይ፡ ኣካላቱ እናተሸርፈ እናተገምረፈ፡ ኣካለይ ጉዱእ ከይብሉ ክሳብ ህይወቱ ትሓልፍ ቃልሱ ቀጺሉ። ሓደ ተጋዳላይ መሰለት ኩሎም ተጋደልቲ እዩ፡ ኩሎም ተጋደልቲ ድማ መሰለት ሓደ ተጋዳላይ እዮም። ነፍሲ-ወከፍ ተጋዳላይ ክንዲ ብዙሓት ንምዃን ተረቢሑ።

ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ ንድሌታት ህዝቡ ብጥበእ ዘንበበ ውድብ እዩ። ኣብ ህዝቡ ዘሎ ክብራዊ ጺጋታት ተረዲኡ ብጥንቃቐ ከመሓድሮን ተመሊሱ ናብ ጥቕሚ ሓፋሽ ከም ዝውዕል ክገብሮን ክኢሉ። ንዥንቀውታን ድሌትን ሓፋሽ ብዘዮዮእ ተረዲኡ፡ ዚያዳ ንምዕቃብን ሓይሊ ንምውሳኽን ኑቲ ዘይጭብጦ ክብራዊ ጺጋታት ክዕቅብ ወሲኑ። ኑቲ ሓፋሽ ብሓደ መኸባዕቲ ኣሕሊፉ ኣብ ሓደ ቀረብ ኣእቲዩ ከም ዝወሃሃድ ገይሩ። ወዲ፡ ጓል፡ መብቀል ዓዲ፡ ሃይማኖት፡ ቀቢላ ብዘዮገድሱ ንኹሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ኣንቂሑ ወዲቡ ከም ሓደ ሰድራቤት ምዉቕ ዝምድና ከም ዝምስርት ገይሩዎ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ሓድሕዱ ከም ዝተሓላለን ከም ዝተባበርን፣ ሓድሕዱ 'በኛ ብጸየይ ይግበረኒ' ቅድሚ ሰበይ ኩሓልፍ! ... ከም ዝብል ገይሩዎ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንኹሉ ቀይሩዎ።

ቅድሚ ዘመነ-ገድሊ ጓለንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብና፡ ናይ ገዛ ስራሕ'ምበር በርኻ ወጺኣ ናይ ምስራሕ ዕድላ ድሩት'ዩ ዝነበረ። ኣብ ዘመነ-ገድሊ ግን ኩሉ ተቐያይሩ። ጠበንጃ ተሰኪማ፡ ድፋዕ ከዒታ፡ ገሪብ ክትሰከም ኣይጸገማን። ነጸብራቕ ናይዚ ሓድሽ ማሕበራዊ ተዋሳእነት'ዚ ኣብቲ ውድብ "ማዕርነት ብስራሕ ተሳታፍነት" ተባሂሉ። ጓለንስተይቲ ኣብ ባህሊ ወጺኣ ክትደርፍ፡ ክትገጥም፡ ክትዋሳእን ክትኣልን ልሙድ ተግባር ኮይኑ ኣብ ሜዳ። እቲ ውድብ ንዝፈጠሮ ባይታ እታ ጓለንስተይቲ ናብ ረብሓኣ ክትቅይሮ ክኢላ። ንመምዘኢቲ ኩሉ ንደርባዊ ጸቕጢ ዝቃለሰሉ ባይታ ፈጢሩ፣ ንሳተን ከኣ ሰራሐን ኣብ ደረጃ ማዕርነታዊ መድረኽ ኣብጺሐንኦ።

ብዓይኒ ሓቂ ብዝሓ. ህዝቢ ኤርትራ ብመንጽር ጸላእቲ ብዝዩ መጠን ሓደት እዩ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር ግን ሓደ ብቑሊሉ ዘይጥመትን ዘይጭብጥን ንሓደት ዘጠዘሐ ኣሪባሐ. ባኢታ ኣብ ህዝቡ ዓቢ ጸጋ ከም ዘሎ ኣለልዩ። ዕላማ፡ ዘይተሳዓረ ሰልፍና፡ ተጻዋርነት፡ ቅሩብነት ንመስዋእቲ፡ ሃገራውነት፡ ... ከም ዝዕቀብ ገይሩን ልዕሊ ኹሉ ድማ ንማዕርነት (ንጾታዊ ፍልልያትን ደርብታትን) ብምስትኽኻል ሰሪሑሉ። "ቅኑዕ ስሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር" ብዝብል መርሓ፡ ሓፋሽ ከም ዝቅሕ ገይሩ ወዲቡዎ። ተባዕታውን ኣንስታውን ስራሕ ከይፈላለየ ኩሉ ከከም ዓቕሙ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ብንቕሓት ኢዱ ከም ዝሕውስን ከም ዝዋሳእን ምግባሩ ሓደ ካብቲ ኣብ ሜዳ ዝተዓወተሉ ለውጢ. ንዝጸንሐ ኣተሓሳስባ እዩ። እቲ ሓያል ስሓሳብ ኣብ ህዝብን ተጋዳላይን ስለ ዝሰረጸ ንተቓላሳይ ሓጺናዊ ድርዒ ክለብስ ገይሩዎ። "ናጽነትን ሓርነትን" ዝብላ ከም መማእዚ ብሶላ ተዓጢቑ ሓድነቱ ኣትሪሩ ዘይሰበር ሓያል መንፈስ ሃኒጹ። ኣብቲ ንሱ ዘይነበሮን ዘይፈልጦን መጺኡ፡ ሰላምን ቅሳነትን ክሰፍን ህይወቱ ንመስዋእቲ ምብጃው ዝድርኽ ሓይሊ ፈጢሩ።

ጸላኢ'ኻ ንኽቕትለካ ወይ ንኽቕስለካ ኢሉ እዩ ዝተኩሰልካ። ብምቕታል ወይ ኣካላትካ ብምጉዳል ካብ ስራሕ ወጻኢ ገይሩ ካብ ዓውደ-ውግእ ከም ትለግስ ክገብረካ። ዓቕሚ ሰብካ እናጓደለ ከም ውድብ ክደምስሰካ ብምሕሳብ ኣሎ ዝበሃል ዓረርን ሓጻውንን ይወርውረልካ። ብሽምዚ ኣጕዚቡ ኣብ ምድሪ ኤርትራ ኣእላፍ ጢያይትን ቦምባታትን ዘሪዎም። ብቐማረታት ጸላኢ፡ ተጋዳላይ ይጓደል ኣሎ እናተባህለ ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ ክጸንሖ ጀመረ። ምሸት ዘይነበረ ድፋዕ ተጋዳላይ ለይቲ ለይቲ ግን ከም ፍልሖ ጉላ ተኻጺጹን ተዛዚሙን ይጸንሖ -ንጸላኢ። ተጋዳላይ ከም ኣሜባ ኣብ ሓደ ለይቲ ተረቢሑ ይሓድር። እዚ ሓቅታት'ዚ ንጸላኢ ክርድኦ ይኽእል ስለ ዘይነበረ ርእሱ ክዘርዎ ጀመረ።

ወዲ-ማጆር ተወጊኡ ምስ ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝተጸብጸቡ ተጋደልቲ ኣብ መዝገብ ጸላኢ እናሃለወ ንሱ ግን ካብ ሕክምና ተመሊሱ ኣብ ዓውደ-ውግእ ብምኢታው ክንዲ ኽልተ ወዲማጆር ተረቢሑ ይዋጋእ። ወዲ-ማጆር 29 ግዜ እኳ እንተቐሰለ፡ ካብ ዓውደ-ውግእ ዘብኮረለን ግዜ ወሰናት እየን። ምኽንያቱ፡ ወዲ-ማጆር ተጋዳላይ እዩ። መንፈስ ተጋዳላይ፡ ኣብቂዐ ኣሉ ኢዱ ኣይሀብን እዩ። ይራብሐ'ምበር ኣይጎድልን። ሓይልታት መግዛእቲ ድማ ነዚ ዘይጭብጡ ረቂቕቲ ክብርታትና፡ ቀንዲ ሚሳይላት ዕጥቒ ተጋዳላይ ምዃኑም ክይፈለጡዎም ጸሓይ ዓሪቡዎም። ንሳቶም፡ ኑቲ ዝጭብጥ ግኡዛውን ኣሃዛውን ነገራት ናይ ምቕማር ክእለት እዮም ኣጥርዮም። ኑቲ ረቂቕ ሓይሊ ተጋዳላይን ህዝብን ኤርትራ ኣይፈልጡዎን እዮም። ምስጢርን ግድልን ስዕረቶም ከይፈተትሑ ገበጣ ክሳብ ዝውዳእ ተጻዊቶም።

ህዝቢ ኤርትራ ግን ሓንቲ መዓልቲ ናጽነት ክትመጽእ ምዃና ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ኣብ 24 ግንቦት 1991 ጋህዲ ኣብ ዝኾነትሉ ሰዓት ከኣ፡ ኣብ ገዛኡ ዓጺፉ ኣዳልዩዋ ንዝጸንሐ ባንዴራኡ እናንበልበለ ናብ ጎደና ወጽአ። ብኣንጻሩ ሰራዊት መግዛእቲ ሕንቅልሕንቕሊተይ ኮይኑዎ ኣፈሙዝ ጠበንጃኡ ንቑልቁል ኣፉ ደፊኡ ተዓዘመ።

ወዲ-ማጆር፡ ፍረ መስዋእቲ ኢያታቱ፡ ኣብሻታቱን መዘናታት ብጾቱን፡ ፍረ ዝተኻዕወ ደሙ፡ ዝተሸቓቐጠ ቀርብኡን ዝተሰበረ ኣዕጽምቱን ናጽነት ኤርትራ ክርኢዩ በቒዑ። ግን ከኣ ምስ ከቢድ ኣሳቓዪ በሰላ ናይ ርእሲ ማህረምቲ። ወለዲ ግርማይ (ዳዊት ወዲማጆር) ውላዶም ክፋል ግንባሩ ተጎሚዑ ምስ ገዚፍ በሰላ ዘይንእሱ መሰሉ ምስ መጽኦም፡ ኣብ መጀመርታ ከም ወለዲ መጠን ሰንቢዶም። ንኹሉ ነገር ድሕሪ ምግንዛብ ግን ተደዓዒሶም። ብዙሓት ሰድራቤታት ደቀን ተጋደልቲ ምእንቲ ናጽነት ተብጀዮም ኣብ በርኻ ተረፎም ምስ ተዓዘቡ ንሳቶም ከም ዝሕሹ ተረዲኦም። ንሳቶም ካብቶን ውሑዳት ዕድል ገይረን ደቀን፡ ሰብኡተን፡ ኣሓትን ኣሕዋትን ተጋደልቲ ተቐቢለን ዝሰየማ ሰድራቤታት ምዃኖም ተረዲኡዎም ተሓጒሶም። ብፍላይ ዛንታ ጅግንነት ወዶም ክንገርን ክዘንቶን ምስ ጀመረ እንዳቦይ ሻምበል ካሕሳይ ኩርዓትን ሓበንን ተሰምዮም።

ወዲ-ማጆር ክይተዛመደን ክይተመርዓወን ካብ ሜዳ ስለ ዝተመልሰ፡ ወለዱ፡ ዝ. ካብ ክንደይ መግዘር ሓዊ ብህይወት ዝተመልሶም ውላዶም ኣምሲሎም ንዕኡቶም ፍረኡ ክርእዩን ውላዱ ክሕቀፉዎን ተቐዳደሙ። ኣቦይ ሻምበል ካሕሳይ ኪይወዓለ ክይሓደረ ሕጸ ተቛጺሩ ናብ መርዓ ኣብቅዑ። ሳላ ከምኡ ዝበረ ድማ ወዲ-ማጆር ሓደ ወድን ክልተ ኣዋልድን ወለደ። ሂብል ዳዊት ካሕሳይ፡ ሓበን ዳዊት ካሕሳይ፡ ሰለሜ ዳዊት ካሕሳይ ይበሃሉ። ደቂ ወዲ-ማጆር ብጅግንነት ኣቦኦም ሕቡናት እዮም።

ወዲ-ማጆር፡ ክዘምድን ክወልድን እኳ እንተበቐዐ፡ ግን፡ ምስ ከኅታት ክብደት ማህረምቲ ርእሱ ሓዳር ክመርሕ ኣይከኣለን። ናይ ምዝኻር ዓቕሙ ኣዝዩ ትሑት ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ንዝሓሉል ከኅታት ኣየር ክጻወር ይኽእል ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ባጽዕ ክቕመጥ ወሰነ። ከምኡ ኢሉ ኸሎ ፈታዊ ሰብ ስለ ዝነበረ ዝጠዘሐ ህዝቢ ባጽዕ ድማ ንወዲማጆር ይፈልጦ ነበረ። ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ቀንዲ ደጋፍን ኢታባዕን ስለ ዝነበረ፡ ዳርጋ ኩላቶም መንእሰያት ኣዕሩኽቱ ነበሩ።

ንወዲ-ማጆር፡ ብዘይካ'ቲ ብመንግስቲ ዝወሃቦ ምዱብ መእለዩ ናብራኡ፡ ካብ ብዙሓት ፈተውቱ ትካላት መንግስትን ብጾቱን ብዓይነትን ብገንዘብን ወለንታዊ ደገፍ ይግበረሉ ነበረ። ገለ ካብኡቶም ዝሕግዙዎ ዝነበሩ ፈተውቱ ብስሩዕ ምእንቲ ክምጉብ ምስ ኣብዮተመዘ. ተረዳዲኦም፡ ወዲ-ማጆር ናብኡ እናኸደ ከምዝምጉብ ይገብሩ ነበሩ። እንተኾነ ወዲማጆር ስሱዕ ስለ ዘይነበረ፡ ኑቲ ዝወሃቦ ናይ ኣጭርቕትን ካልእ ዓይነታዊ ሓገዛትን ቀጥታ ንጸገማትን ንለመንትን ስለ ዝዕድሎ፡ ኣብ ኑቡሱ የውዕሎ ኣይነበረን።

ማህረምቲ ርእሱ፡ ኤፒለፕሲ. ክገብረሉ (ከውድቖ) ከሎ ብርቱዕ ስለ ዝሓዖም፡ ሓደሓደ ግዜ ኣብ ሕክምና ዝድቅሰሉ ግዜ ነይሩ። እቲ ዝገርም፡ ወዲ-ማጆር ካብ ሕክምና መሊቑካ ምኻድ ግዲ ኣመል ኮይኑዎ፡ ማህረምቲ ርእሱ ኣውዲቑዎ ኣብ ሕክምና ባጽዕ ደቂሱ ጸሪሑ ኑቡሱ ክፍለጦ ምስ ጀመረ ካብ ዓራት ወሪዱ ሞሊቑ ንገዛኡ ይኸይድ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ወዲ-ማጆርን ከምኡ ዝኣመሰሉ ከቢድ ሰንከልና ሕማም ንናጽነት ዝኸፈሉ ተጋደልቲ፡ ህዝቢም ደኣ ናጽነት ከስተማቕር ኣብቂዖም እምበር፡ ንባዕሎቶምስ ብሰንኪ ከቢድን ዘዩቋርጽን ቃንዛ ንናጽነት ኣስተማቒሮማ ክበሃል ኣይከኣልን።

ወዲ-ማጆር፡ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኾን ሓሚሙ ተሸገረ፡ ተሳቕየ ትብል ቃል ወጺኣቶ ኣይትፈልጥን። ብሓቂ ግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሰቓይ እናኸበዶ ከደ። ኣብ ውሽጢ ዓመተ 2024 ጥራይ፡ ብሰንኪ ረኽሲ በሰላታት ማህረምቱ ሰለስተ ግዜ ናብ ሕክምና ሓይሊ ኣየር (ኢ.ናኤል) ተመላለሰ። ድሕሪ'ታ ሳልሰይቲ ናብ ሕክምና ዝኣተወላ ግዜ ግን ጥዕናኡ ክመሓየሸ ኣይከኣለን። እቲ ጅግና ወዲ-ማጆር፡ ብሰንኪ'ቲ



ተጋ/ ዳዊት ካሕሳይ (ወዲ ማጆር)



ወይዘሮ ኣስመረት ገብረጻድቕ (ኣደ ወዲማጆር)

መውጋእቲ ዝሓደገሉ ናይ ረኽሲታት ኣሰር ተሳቒዩ፡ ብ28 መስከረም 2024 ኣብ ሕክምና ሓይሊ ኣየር ተሰዊኡ። ኣብ 29 መስከረም ድማ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ሓመድ ኣዳም ለበሰ። ጅግና ኣይኑበርን'ዩ፡ ታሪኹ'ዩ ዝውረስ!

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎደባይ ቀጥታ |
| 15:30 | The sound of Oasis |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመትሲትኮም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ፍኖተ ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ፍልልይ ኣተሓሳስባ

ኣተሓሳስባ ኩሉ ነገር እዩ። ሰብ ከም'ቲ ዝሓሰቦ'ዩ። ኣብ መንጎ እቶም ዝዕወቱን ዝወድቁን ሰባት ከኣ ፍልልያት ይፈጥር። ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣተሓሳስባ ምትዕርራይ ወይ ብኸመይ ትቕይሮ ምፍላጥ ቀሊል ኣይኮነን።

ዶክተር ዴቪድ ስዋፕ ኣብታ "ንስኻ እቲ እትሓስቦ ኢኻ" እትብል መጽሓፉ፡ ደቂ ሰብ ከመይ ኣቢሎም ኑብሱ-ዝርርብ ብምክያድ፡ ኣብ ኣተሓሳስበኦምን እምነቶምን እወታዊ ለውጢ ከም ዘምጽኡ ይገልጽ። ኑብሱ-ዝርርብ ሓሳባት ወይ ብሕታዊ ዘረባ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንስምዒታትን ባህርያትን ከኣ ብጽቡቕ ወይ ብሕማቕ ይጸልዎም። ኑብሰ ዝርርብ ብምክያድ ድማ፡ ንጹቕጢ፡ በደል፡ ጭንቀትን ሕርቃንን ክትሰዕሮ ይከኣል።

ራልፍ ዋልዶ ብወገኑ፡ "ኩሉ ግዜ ከም'ቲ እትሓስቦ ኢኻ"- ብምባል'ዩ ዝገልጾ። ብቐዓት ሓሳብትካ'ዩ ኣብ ህይወት ንዘሎ ክውንነት ዝወስኖ።

ደቂ ሰብ ሓደ ካብ'ቲ ጽቡቕ ባህርና ንሕሉፍና ብምግምጋም ንቕድሚት ክንጥምት ንኽእል ምዃንና እዩ። ክንደይ ካብና ኢና ዓመታዊ ገምጋም ኑብስና እንገብር? ዓሚ ዝነበረና ርድኢትን ኣተሓሳስባን ካብ ናይ ሎሚ ከም ዝጸበበ ወይ ከም ዝሰፍሐ ብኸመይ ነረጋግጽ? ናይ ሎሚ ዓመት ክእለትናን ኣሰራርሓናን ኣተሓሳስባናን ካብ ናይ ዓሚ ሰድሪ እንተ



ዘይወሰኸ ጸገም ኣሎ።

ንጹር ራእይ ምስ ዝህልወና እንገዓዞ መገዲ - ምንባር ብዘስፋሑ ስለ እንገዓዞን ናብኡ ንኽንበጽሕ ስለ ንጽዕርን መጻኢና ውሑስ ይኸውን። ራእይ እቲ ኣብ ህይወትካ ክትነብሮ ትደሊን ትምነዮን ነገር እዩ። ራእይ ዘይብሉ ሰብ ናበይ እዩ ዝገዓዝ ወይ ኣብ ህይወቱ እንታይ ክበጽሕ እዩ ዝደሊ ስለ ዘይፈልጥ፡ ዘይድልዩ መትከል ህይወት ይውንን።

ኣእምሮና ኣብ ሓደ ንጹር ራእይ ብምትኳር ብልክዕ እንተ ተጠቒምናሉ፡ ዘይክእሎ ከም ዘይብሉ ክንግንዝብ ይግባእ። ስለ'ዚ ዓቢ ራእይ ሓንጺጽካ ምስራሕ፡ ምስጢር ዓቢ ዓወት ምዃኑ ተረዲእና ክንሰርሕ ይግባኣና። ንውሽጦም ብምፍታሽን ብምንጻርን ዓቢ ራእይ ብምሕንጻጽ ትርጉም ዘለዎን ፍሱህ ህይወትን ከሕልፉ እናኽኣሉ፡ ኣይክእሉን'ዩ ብዝብል ኣተሓሳስባ ምስ ኩሉ ጸጋታቶምን ክእለቶምን ዝምህምኑ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን።

ኣእምሮና ኣብ ሓደ ንጹር ራእይ ብምትኳር ብልክዕ እንተ ተጠቒምናሉ፡ ዘይክእሎ ከም ዘይብሉ ክንግንዝብ ይግባእ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ እወታዊ ርድኢት ክህልወካ ንኡብሾኻ ኣዘኻኽሮ፡ ንኣብኡት ምስ ሰባት ወይ ኣዕሩኽትኻ ዘለካ ጽቡቕ ዝምድና፡ ኣብ ስራሕካ ዘማዕበልካዮም ዕዮታት፡ ዝሰራሕካዮም ዕዮታት፡ ኣብ ቤተ ሰብካ ዘለካ ተፈታውነት ንኡብሾኻ ግለጸሉ።

ብእወታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ደኣ ተበጊስና ግን፡ ኣብ ህይወትና ምምሕያሻት ከምጽእ ከም እንኽእል ክንኣምን የድልየና። ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእ ብመጀመርታ ለውጢ ናይ ኣተሓሳስባ ከምጽእ ኣለና። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ግቡእ ጻዕርን ቀጻሊ ኣተኣላልያን እንተ ደኣ ገይርና፡ ኣብ ህይወት ካብ ዘጋጥመና ነገራት ብዘይካ'ቲ "ኣይክኣልን ወይ ኣይክእልን" ዝብል ቃላት ዘይክኣል ነገር የለን። ኣብ ህይወትና ለውጢ ንምምጻእ ኣይክኣልን ካብ ዝብል ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ብምርሓቕ ዓቕምና ዝፈቕዶ ንምግባር ጥራይ ድልዋት ክንኸውን ኣሎና።

ሰባት ኣብ ህይወት ዘለዎም ኣተሓሳስባ ይፈላለ'ዩ። ገለ ሰባት ንህይወት ከም ብድሆ ኣምሲሎም ይርድእዋ'ሞ ክብድህዋን ክስንፍዋን ሓኺት ይብሉ። ገለ ከኣ ህይወት ጸወታ'ያ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ብብሉጽነት ክጻወቱ ይጽዕሩ። ገለ ሰባት ከኣ ህይወት ብዕድላት ይገልጽዋ።

ገለ ካብ'ቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ደቂሰብ "ኣነ ወጽኢት ሕሉፍየ" ምባል- ሰባት ሓደ ካብ'ቲ ናብ ውድቀት ዝመርሓና፡ ህይወትና ብሕሉፍ ተመኩሮታት ጥራይ ክንርእያ ምፍታን'ዩ። ከም'ዚ ዓይነት ኣረኣእያ፡ ንመጻኢ ዕድላትና ማዕሪ'ቲ ዝሓለፈ ጥራይ ገይርና ከም እንጥምቶ'ዩ ዝነብር። 'ኣነ ወጽኢት ሕሉፍየ' ኢልና ንኡብሾናዎ እንተ ንዛመዱ ንዝመጽእ እንተናጽፍ ዕብየት ድሩትትት ምቕማጥ'ዩ። ስለ'ዚ ንሕሉፍ ከም መማሃሪ እናወሰድና፡ ኣብ መጻኢ ካብቲ ዝሓለፍናዮ ንዘበለጸ እናሓሰብናን እናቋመትናን፡ ንሕሉፍ ህይወትና ከም ድልዱል መሰረት መጻኢ ንጠምቶ። ኑቲ መሰረት ኣመና ድልዱልን ጽኑዕን ንምግባሩ ከኣ ተስፋ ዘለዎ ተወሳኺ ጻዕሪ ከም ዘድልየና ክንዝክር ኣጉዳሲ እዩ። ካልኦት ክርኸቦማኹ ስለ ዝረኣና ፈራሕና ንድሕሪት ክንጉተት ኣይግባእናን። ብኣንጻሩ ግን ንገዛእ ርእስኻ ብዝዋጻእ ብምፍላጥ ንሕና መን ምዃንና፡ መንነትና ጋህዲ ንምግባር ከኣ ምስ ኩሉ ዘጋጥመና ብድሆታት ብዘሰፋ ክንሰርሕ ኣሎና። ተሰፋውነትናን ሓገሰናን ምእንቲ ክዘይድ ትርጉም ህይወትና ንምዕዛዝ ንህይወት ካልኦት ክንሕሉ ግድን ከድልየና እዩ። ስጉምትኻ ምስ እወታዊ ርድኢት ዘለዎም ትስፉዋት ሰባት ግበር። ካብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ተበጊስና ንመጻኢና ኣብ ሎሚ ኳንና ብእወታ ክንጥምጣሞ ኣሎና። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ከኣታት ንትሰፋውነትና እንተ ደኣ ዓቂብናዮ፡ ክጽዮ ኣጋጢሙና ዘሎ ድቕድቕ ጸልማት፡ ድሙቕ ብርሃን ኣቐዲምና ብዘሰፋ ክንርእዮ ኢና። ወትሩ ዕወታት ብምኻን ናይ ህይወት ዕጋበት ከስተማቕር፡ ንተሰፋን ትዕግስትን ካብ ህይወትና ኣይንፍለያ።

## ብምሉእነት ምርድዳእ

ምሉእ ሓሳባት ምቕራብ ወይ ምሉእ ዝኾነ ዛዕባ ኣልዒልካ ክትዘራረብ ምኽኣል ኣድላዪ እዩ። ስለ'ዚ ሓንቲ ካብተን ሕግታት "ምሉእ ሓሳብ ምቕራብ" እያ። ዝኾነ ዝቐርብ ሓሳብ ምሉእ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ዝሰምዕ ዘሎ ሰብ "ደርድሩ ኣሎ" ኢልና ኣብ እንግምተሉ እዋን ክንጋገ ንኽእል ኢና። ዝኾነ ይኹን ምብህሃል ወጽኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ ዘይቋረጽ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። እኳ ደኣ እንተ ተኻኢሉ ዝያዳ ሓበሬታ ክትህብ ከለኻ ተመራጺ'ዩ። ግምት እንተ ዘይሃለወ'ዩ ዝሓይሽ። እቲ ዝሰምዓካ ዘሎ ሰብ ብዛዕባ'ቲ ንስኻ እትሓስቦ ዘለኻ ዝኾነ ኣፍልጦ የብሉን ኢልካ ብምግማት ክትዘራረብ ይሓይሽ። ምቅርራጽ ሓሳብ ክህሉ የብሉን። ገለ ደቂ-ኣንስትዮ ቀጥታዊ ብዝኾነ መንገዲ ሓሳባተን ኣይገልጻን እየን። ኣንፈት ምሃብ እየን ዘዘውትራ። ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ብኣንጻሩ ምዝርዛር ይፈትዉ።

ብዝተኻእለ መጠን ምሉእ ዝኾነ ሓሳባት ከይተቘራረጸ ከቶቕርብ ምኽኣል'ዩ ዘድልዮ። ሓሙሻይቲ ሕጊ ናይ ምብህሃል



ወዲእና ኣለና።

እቲ ኣጉዳሲ ኣብ ምብህሃል "ቀጻልነት ምህላው እዩ። ሓደ ዕላል ኣብ እትጀምረሉ እዋን ኣብ ክንዲ ዝቑራረጽ ሓሳባት እተቕርብ፡ ዝተኣሳሰር ገይርካ ክትዛረብ ከለኻ ማለት እዩ። ዝተበታተነ ዝርርብ መለኡ'ዩ። ገለ ሰባት ዝርሰዑ ኣይሰኣኑን'ዮም።

"ኣበይ ኢና'ሞ በጺሕና?" እናበሉ ይሓቱኻ። ኣብ ከም'ዚ ኣጋጣሚ ካብ ዕላል ንላዕሊ እቲ ተዘክሮ'ዩ ዝበዝሕ። ኑቲ ዕላል ክትቅጽሎ ድማ ትሸገር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ርክብ እተን ቀዳሞት ደቓይቕ ክትከስሰን ኣለኻ። ስለዚ'ዩ ከኣ 'ናይ ፈለማ ጦብላሕታ-ኣጉዳሲ እዩ' ዝብሃል። ኣብ ዕላልካ ቀጻልነት ናይ ተመሳሳሊ ሓሳባት እንተ ገይርካሉ፡ እቲ ዕላልካ ሱሓቢ'ዩ ዝኸውን።

ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ሰባት ኑቲ ኣልዒሎሞ ዘለዉ ዛዕባ ዝያዳ ንኽትርድኦም ዝጉብኡዎ፡ ምስቲ ኣርእስቲ ዘይራኸብ ኣብኦት ይኸውን። ከረድኡኻ ዝሓሰቡዎ ኸኣ መሊሶም የደናግሩኻ። ኣብ'ዚ ምስትብሃል ዘድልዮ ነገር ኣሎ። ቀጻልነት ዘለዎ ተመሳሳሊ ሓሳብ ምቕራብ ማለት።

ንሓሳብትካ ብኻልእ መንገዲ ምድጋም ማለት'ዩ። ሓሳብትካ ክትደግሞ ከለኻ ናይቲ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ኣርእስቲ ሓቅታት ከም ኡ'ውን እቲ ምትእስሳር ክትሕልዎ ኣለካ። እቲ እተቕርቦ ኣብኦት ምስቲ ዕላል ተዛማዲ ክኸውን ኣለዎ። እንተ ዘይኮይኑ እቶም ሓቅታት እንተተጠፊኦም፡ እቲ ዕላል ተቐባልነት እናስኣነ'ዩ ዝኸይድ። መሰረታዊ ሕጊ ናይ ምብህሃል፡ ዝኾነ ይኸውን መልእኽቲ ብውሑዱ ብሰለስተ ኣገባብ ክመሓላለፍ ኣለዎ'ዩ ዝብል። ሓደ ካብኡ ከኣ ቀጻልነት ተጠቒምካ ምድጋም'ዩ። ምድጋም ከኣ እቲ ሰማዒ ክርዳእ ክሕዝ ክፈልጥ ከም ኡ'ውን ክቕበል የኽእሎ'ዩ። ምብህሃል ብምሩጽ ቃላት ተጠቒምካ ቀሊል ብዝኾነ መገዲ ከተቕርቦ ይምረጽ። ብፍላይ ከኣ ሓጺር ምብህሃል ተመራጺ'ዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም እቲ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ዝበሃል ክእለት፡ ከመይ ገይርካ ምስ ሰባት ከምትዋሳእ ክትፈልጥ ምኽኣል'ዩ። እንታይ ትብል ዘይኮኑ ከመይ ገይርካ ትብል'ዩ ኣጉዳሲ ዛዕባ ህይወት ኩይኑ ዘሎ። ንሰባት ንብሎ ጹብራቕ ወሸጥና'ዩ።

## ማርያ ስክሎዶውስካ



መበቖላ ፖላንድ ዝኾነት ማርያ፡ ኣብ 1867 ኣብ ዋርሶ ፖላንድ እያ ተወሊዳ። ናብ ከተማ ፓሪስ ድሕሪ ምምጻኣ ሜሪ ዝብል ስም'ዩ ለጊቡዋ። ሜሪ ብ1891 ካብ መበቆል ሃገራ ፖላንድ ትምህርታ ክትቅጽል ናብ ከተማ ፓሪስ ፈረንሳ ምስ ከደት፡ ምስ ሓሊቓ ናይቲ ኣብ ፓሪስ ዝተማህረትሉን ዝሰረሓትሉን ቤተ ፈተነ 'ሰርቦን' ዝነበረ ፒየረ ኩሪ ተራኺቦት።

ማርያ ስክሎዶውስካ ኣዚያ በላሕ ተማሃሪት ባህርያዊ ስጉፍልጠት እያ ዝነበረት። በዚ ምኽንያት'ያ ከኣ ስድራኣ ሓዲጋ ካብ ፖላንድ ናብ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ልዑል ተፈላጥነትን ተቐባልነትን ዝነበሮ ቤተ ፈተነ ሰርቦ ትምህርታ ክትቅጽል ዝተጓዕዘት። እቲ ምንታይሲ ዘይከምቶም ኣብ ፖላንድ ዝነበሩ ዩኒቨርስቲታት እቲ ብቕዓማይ ደረጃ ዝርኣ ዝነበረ ናይ ፓሪስ ቤተ ፈተኑ ደቂ-ኣንስትዮ ናይቲ እዋን ክሳብ ዝለዓለ መዓርግ ክመሃራ የፍቅድ ስለ ዝነበረ'ዩ። ሜሪ ግዜኣ ኣብ ቤተ ፈተነን ቤተ ንባብን ብምውፋይ ከኣ ከም ጻዕረኛ ህርኩትቲ ስነ ፍልጠተኛ ንኽትፍለጥ ግዜ ኣይወሰደላን። ብዝረኸበቶ 'ፖሎንዩምን'፡ 'ራድዩምን'፡ ከም ኡ'ውን ኣብ ራድዮ ኣክቲቪቲ ብዝገበረቶ ፈላሚ መጽናዕትን ትዝከር።

1903 ንፈለማ ግዜ ብ1911 ድማ ንኻልኣይ ግዜ ቀዳመይቲ ጓልኣንስተይቲ ተዓዋቲት ሽልማት ኖቤል (ብስነ ቀመም) ክትከውን በቒዕት። ሜሪ ነዚ ሽልማት እዚ ብዝተፈላለዩ ዓውድታት ክልተ ግዜ ክትዕወተሉ ዝኸኣለት ምህርቲ'ያ። ሜሪ ንኣስታት 25 ዓመታት ዝተፈላለዩ ምርምራዊ ፈተነታት ከተካይድ ድሕሪ ምጽናሕ ብ1934 ብሞት ካብ'ዛ ዓለም ተፈልየት።

### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ግዳይ ኣሉታዊ ኑብስ ዝርርብ ኣይትኹን። እቲ ትብሎ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ዘይምርሳዕ።" - **ቦብ ፕሮክተር**
- "ብዘይ ለውጢ ምዕባለ ዝበሃል የለን። እቶም ሓሳቦም ክቕይሩ ዘይክእሉ ሰባት ክቕየሩ ኣይክእሉን እዮም።" - **ጆርጅ በርናርድ ሾው**
- "ዓቢ ወጽኢት ዓቢ ህርፉን ይሓትት።" - **ሄራክሊተስ**
- "ጽቡቕ ህይወት እኩብ ናይ ዘለገሱ ህሞት እዩ።" - **ደኒስ ዋይትሊ**
- "1 ዓመት = 365 ዕድላት" - ዘይተፈልጠ
- "ንሓደ ሰብ ካብ ከተብከዮ ከተስሕቖ ይኸብድ።" - **ካት ክሮውሊ**

# ሲ.ኤፍ.ኤይ. (CFA) ፍራንክ

## ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ

(2ይ ክፋል)

ሄርሞን ሃብቱ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

*ኣብ ምስላይ ደሕረ-መግዛእታዊ ኣሰራት ኣፍሪቃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቴክኖሎጂያውን መሳርሒታት ጥራይ ኣይኮነን ክዋሳእ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ገንዘባዊ ልኡላውነት ከይረጋገጽ ዝገበር ዘሎ ማሕንቆታት ኣርዑት ባጤራዊ መግዛእቲ እውን ርእሱ-ዝኸኣለ ናቱ ቀያዲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ትንታነኣዊ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ግዝኢት ፈረንሳን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዝጸንሐን ዘሎን ኣርዑት መግዛእታዊ ስምምዓትን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታቱን ንኡ ዘስዓቦ ተደጋጋሚ ማህሰቱን ዝድህስስ'ዩ።*


***

ኣብ 60ታት ድሕሪ ምኽታም ዘይርትዓዊ መግዛእታዊ ወሰላት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ፡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሃገራት ካብ ሽያጥ ዝተፈላለዩ ጸጋታት ዝረኸባ ሃገራዊ ባጀት፡ ኣብ ባንክታት ፈረንሳ ክቕመጣኦ እታ ሃገር ሜላ ብዘተሓወሶ ጸቕጢ ክውን ገይራቶ። እተን ግዙኣት ፈረንሳ ዝነበራ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሃገራት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 80% ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ሕሳባተን (foreign reserves) ኣብቲ ፈረንሳ እትቆጻጸሮ ትረዝሪ (operations accounts) ከዋህልልኦ ኣገዲዳተን። እተን ሃገራት ባዕለን ዘድሊየአ ናተን ሃገራዊ ገንዘባዊ ፖሊሲታት ክህልወን ዘኽእል ፍቓድ ኣይሃብዘተንን። ቀሙጥ ገንዘበን (foreign reserves) ፈረንሳ'ያ ከማዝምኣምኣ ገይራ ክትቆጻጸሮ ጸኒሓ።

እቲ ዝበኣሰ ወጸዓ ናይዘን ሃገራት፡ ፈረንሳ ዓመታዊ 15% ካብ ዕቑር ገንዘበን ጥራይ ክጥቀማ ትፈቕደለን ምኻና እዩ። ካብኡ ንላዕሊ እንተ ኣድልዩወን ብልቓሕ ካብ ትረዝሪ ፈረንሳ ክወስዳ ይኽእላ። እቲ ክልቅሕኦ ዝኽእላ ገንዘበ'ውን ገደብ ኣለዎ። እቲ መጠን 20% ጥራይ ኮይኑ፡ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ዘድልየን ፈረንሳ እንተ ክትከልክለን እንተስ ክትፈቕደለን ንምውሳን፡ ኣብ ምሕደራ ስርዓት-ገንዘብ ዘለዋ ሳዕለዋይ ኢድ ተጠቒማ፡ ከም ኣድላይነቱ ንዓኣ ዝምእምእ መፍትሒ ሓሳባት ኣብ ባይታ ተውርድ። እቲ ዝኸፍአ ማዛዘ ሃገራት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ትሕቲ ባንኪታት ፈረንሳ ተቐሚጡ ዝመሓደር ዘሎ ግቡእ ፊናንሳዊ ብጽሒተን ብልክዕ መኣስ ከም ዝረኸባኦ ኣፍልጦ ዘይብለን ምኻነን እዩ።

መቕጽሒ ባጤራ ፍራንክ ብዘይምታ ዝተኣታተወ ማስርሕ እዩ። ፈረንሳ ግዝኣታታ ቀስ ብቐስ እናኣስፋሕፍሐትን እናኣሓየለትን ኣብ እትኸደሉ ዝነበረት እዋን፡ ምትእትታውን ምስፍሕፋሕን ባጤራ ፍራንክ ብኣጋኡ'ያ ፈሊማቶ። ኣብ 1830፡ ፈረንሳ ምስቶም ደቀባት ጎማዝም ምዕራብ ኣፍሪቃ እተካይዶ ዝነበረት ንግዳዊ ልውውጥ ብናይ ገዛእ ርእሳ ባጤራ ክኸይድ ጠለብ ኣቕሪባ ነበረት። እቲ ናይ ሽዑ መበገሲ ዕላማ፡ ፈረንሳ ኣብቲ ከባቢ ንዝነቀሳቐሳ ዝነበራ ኩባንያታት እንግሊዝ፡ "English Trading Companies" ንምብዳህ እዩ ነይሩ። እቲ ፈረንሳ ሽዑ ዘቕረበቶ ምኽንያት፡ ለሚ ትርጉሙ ንሃገራት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ንሃገራት ግዝኣት ፈረንሳ ድማ ብፍላይ ጠንቂ ኩሉ መዳያዊ ድሕረት ቁጠባ ኮይኑ ደርኩቡ።

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ብ25 ታሕሳስ 1945 ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.45-0136፡ CFA ፍራንክ፡ ኣብ ኩለን ግዝኣታት ፈረንሳ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ወግዓዊ ባጤራ ኮይኑ ክሰርሓሉ፡ ነቲ ፕረዚደንት ግዜያዊ መንግስቲ ፈረንሳ ጀነራል ደ ጎል፡ ሚኒስተር ቁጠባ ሬኔ ፕለቨን፡ ሚኒስተር ግዝኣታት ግኽ ሱዝተልን ክታሞም ኣንቢሩሉ። ድሕሪ ስምዒ ሓርነት፡ ፈረንሳ CFA ፍራንክ ልዕሊ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ማለት ቤኒን፡ ጊኒ ቢሳው፡ ካሜሩን፡ ቡርኪና ፋሶ፡ ሰኔጋል፡ ኣይቮሪኮስት፡ ኒጀር፡ ማሊ፡ ኢኳቶርያል ጊኒ፡ ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ጋቦን፡ ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ጫድን ቶጎን ዋና ባጤራኣን ገይረን ክሰርሓሉ ውዕል ኣእተወተን። ብተወሳኺ ግዝኣታት ፈረንሳ-ሶማሊላንድ (ጅቡቲ)፡ ማውሪታንያ፡




ማዳጋስካርን ደሴት ሬዩንዮንን ቁጠባዊ መሰረተን ካብ ዓንኬል CFA ፍራንክ ዝወጸአ ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚ ባጤራታት 'ፍራንክ ሞሮኮ'፡ 'ፍራንክ ኣልጀርያ' ኣብ ትሕቲ ጽላል CFA ፍራንክ ዝሕቑፍ ነበረ። ኑቲ መሰርሕ ንምጥዕዓም፡ ዋላ'ኳ እቲ ባጤራታት ዝተፈላለየ ዝመሰል ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሰማት እንተነበሮ፡ ኣብ ኣገባብ ምሕደርኡ ግን ምስ ፍራንክ ፈረንሳ ብቐጥታ'ዩ ዝተኣሳሰር ነይሩ። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቀይድታት ድማ ምስ ፍራንክ ፈረንሳ ቀድመኩነት ብዘይብሉ መሰርሕ ንግዳዊ ልውውጥ ክካየደሉ ጸኒሑ።

ኣብዚ እቲ ዋና ጸገም፡ ፈረንሳ እትቆጻጸሮ ብሕታዊ ናይ ገንዘብ ሕዛእቲ ፍራንክ ዞን፡ ኑተን ነበር ግዝኣታት ዘርብሐን ዘይምኻኑ እዩ። ገንዘባዊ ፖሊሲን ስልጣንን ናይ ምውሳን ሓይሊ ከይህልወን ዓንቂጹ ሒዙዎን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኩሉ ምስተን ሃገራት ዝገበር ንግዳዊ ልውውጥ ፈረንሳ ክተወሃሃዶ ስለዝጸንሐት፡ ካብቲ ግዱድ መግዛእታዊ ስምምዕ ዝረኸበ ቁጠባዊ መኽሰብት ንፈረንሳ ጥራሕ'ዩ ዘርብሑ። እዚ ማለት፡ ምስተን ሃገራት ዝገበር ኣህጉራውን ዞባውን ንግዳዊ ርክባት ብቐዳምነታትን ድልየታትን ፈረንሳ ጥራይ'ዩ ዝዘወር። ብዘይ ፍቓድ ፈረንሳ ምስተን ሃገራት ዝኾነ ይኹን ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ክግበር ዝከኣል ኣይነበረን። ብዞባ ማእከላይ ሽርፊ ባጤራ ዝምልከት ሕግታት እውን ኣብ ፓሪስ'ዩ ዝውሰንን ዝጸድቕን። ኑተን ሃገራት ንሃገራዊ ባጤራኣን ኣብ ናይ ምቕያርን ምልዋጥን መስርሕ በቲ ንሰን ዝደልየኦ ከመሓድርኦ ዕድል ኣይሃብዘተንን።

በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኩሉ ቁጠባዊ ርክባት ናይዘን ግዙኣት ፈረንሳ ዝነበራ ኣፍሪቃውያን ሃገራት ብCFA ፍራንክ ተቐይዱ'ዩ ክኸይድ ጸኒሑ። ድሕሪ ስዓዊ ሓርነት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እቲ በለጽ ንልዕሊ 70 ዓመታት ቀጺሉ ማለት እዩ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ኑቲ ግጉይ ስትራተጂ ደው ክብል ዝኽእል መፍትሒ ኣይተገብረሉን ዘሎ። ታሪኽ ባጤራዊ መግዛእቲ ንረብሓታት ፈረንሳ ዝዘይድ ደገፍ ዘይረኸቦ ፊልፋሊ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ንፈረንሳ እታ እንኮ ኤውሮጳዊት ሃገር ባጤራዊ ሓድግታት ተጠቒማ መግዛእታዊ ረብሓታት ብኣደ ዘርር (Neo-Colonialism) ዘቖጸለት ሃገር ክትከውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ።

ፈረንሳ ስለምንታይ'ያ ከምዚ ዓይነት ክውንነት ከተታኣታቱ ክኢላ ዝበል ሓሳብ ክልዓል ባህርያዊ እዩ። ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ዝበራበሩሉ ዝነበረ እዋናት፡ ፈረንሳ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዝኣታት ሰፊሕ ብድሆታት ይገጥማ ነይሩ'ዩ። ኣብ ከም ኣልጀርያ ዝኣመሰለ ሃገራት ንኣብነት፡ ሕቶ ናጽነት ንምቕልባስ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ትወስድ ነበረት። ድሕሪ'ቲ መሪርን ደማዊን ሓርነታዊ ቃልሲ ግን ኣልጀርያ ናጽነታ ተጐናጸፈት። ነዚሕ ከይጸንሐት ሰንሰለት መቑሕ ባጤራዊ መግዛእቲ ፈረንሳ ብምስባር፡ ካብ ኣርዑት ድሕረ-መግዛእታዊ ወጽዓታት ሓራ ኮነት። ኩለንተናዊ ልዑላውነት እውን ኣረጋገጸት። ፈረንሳ ካብ ቃልሲ ኣልጀርያ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ንመብዘሕትአን ግዝኣታታ ነበር፡ ረብሓታታ ክትሕሉን ዘላቕነት ክህልዎን ዘኽእል ወድዓውነት ዘይብሉ ስምዒ ናጽነት ክትምጥወለን ወሰነት። እዚ ሸቶታት'ዚ ንምውቃዕ ድማ፡ ፓሪስ ኑቶም ቀድሞን ድሕርን ሃገራዊ ናጽነት ዝመልመሉቶም ዓረማት ካድረታታ፡ ወሰንቲ መሓውር መንግስታዊ ትካላት ኣረከበቶም። ረብሓታታ ቀጻልነት ምእንቲ ክህልዎ ድማ፡ ብስም ውዕል ምትሕብባር "cooperation agreements" ዝርእስቱ ብዙሕ ጉድ ዝሓዘለ ዝርዝራዊ ውዕል፡ ሜላ ብዘተሓወሶ ኣገባብ ኑቶም ዓረማት ኣፈሪሙቶም ወጸኣት።

እዚ ንፍሲ ወከፍ ሃገር ኣፈሪማታ ዝወጸት ኣሰጉዳዲ ማሕንቖ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ከቢድ ኣደራዕ ኣውሪዱ ደርኩቡ። ኣሰፊብና፡ ፈረንሳ ንነበር ግዝኣታታ ኣገዲዳ ዘፈረመተን ዘይርትዓዊ ሰነዳት ድሕረ-መግዛእትን ሳዕቤናቱን ከቕርብ ኢና። ብመሰረት'ቲ ፈረንሳ ንሃገራት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ ከተግበርኦ ብሜላዊ ጸቕጢ ዘፈረመተን ብ"colonial pact" ዝፍለጥ መግዛእታዊ ስምምዕ፡

- እተን ካብ ፈረንሳ ናጽነት ዝተዋህበን ሓደስቲ ሃገራት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ፡ ኑቲ ፈረንሳ ኣብ መሬተን ዝሃነጸቶ ኩሉ መግዛእታዊ ትሕተ-ቅርጺ ዕዳኡ ክኸፍላኦ ሓላፍነት ይስከማ።
- ሃገራዊ ገንዘባዊ ጸጋታተን (national monetary resources) ኣብ ባንክታት ፈረንሳ ክቕምጣኦ ይግደዳ።
- ልዕሊ 65% ካብ መሻጣ ባህርያዊ ጸጋታት ዝረኸባ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣብ ሃገራዊ ባንክታት ፈረንሳ የቐምጥኦ፡ ፈረንሳ ከምትእውደን ቅድመኩነት ዝደንገገትለን ዕዳ ድማ ክኸፍልኦ ይግደዳ። ብተወሳኺ 80% ዕቑር ሸርፊ ወጻኢ ኣብቲ ፈረንሳ ክትቆጻጸር እትኽእል ግምጃ (transaction accounts) ጥራሕ የቐምጣኦ።
- ዕቑር ባህርያዊ ጸጋታተን ናይ ምዕዳንን ምዕዳግን መሰል ቀዳምነት ናይ ግድን ንፈረንሳ ጥራሕ ክህባ ከምዝለወን የረጋግጻ።
- እቲ ዘኻይድኦ ህንጻት ትሕተ-ቅርጺ ቀዳምነት ንትካላት ፈረንሳ ጥራሕ ክህባ ግዴታ ይህልወን። በዚ ድማ ትካላት ዕደና ፈረንሳ፡ ምርምርን መጽናዕትን ባህርያዊ ጸጋታት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ ክቆጻጸራን ክምዝምዛን ዘኽእል ምንዛም ተቓጻጺ ዘይብሉ ዕድል ይረኽባ።
- ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ፈረንሳ ዝጸንሓ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ደረጃ ብቕዓት ምዕባለ ንምርግጋጽ ናይ ፈረንሳ መርኣያ ይኽተላ።
- ፈረንሳ ናብ ኩለን ግዝኣታ ዝነበራ ሃገራት ፍራንኮፎን ኣፍሪቃ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክትገብርን ቀዋሚ ወተሃደራዊ መዓስከራት ክትደኩኖን ብፈረንሳ ዝመሓደር ስለያዊ መሳለጥያታት ክትዛዝን ኣብ መሬተን ነባሪ ሰራዊት ከተውፍርን ምሉእ መሰል ይወሃባ።
- ብፈረንሳ ዝግዛእ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋኣን ፈረንሳኛ ክኸውን ይደፍኣለ።
- ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ፈረንሳ ዝጸንሓ ሃገራት፡ እቲ ዝጥቀማሉ ባጤራ CFA Franc ጥራሕ ይኸውን።

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት፡ ኩሉ ሃገራዊ ጸላታት፡ ከም ምክልኻል፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ዲፕሎማሲያውን ንግዳውን ርክባት፡ ምዝማዝ ጥረ ነገራት፡ ቁጠባዊ ዕድላት፡ ፊናንስያዊ ቁጽጽር፡ ሳዕለዋይ ማህደረ ትምህርቲ፡ ሲቪላዊ በረራታት፡ ምንቅስቓስ ባሕርን ካልእ ተመሳሳሊ ምምሕዳራዊ ትካላትን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር መንግስቲ ፈረንሳ ብመልክዕ ሕድሪ ክጸንሕ እቲ ውዕል ዝገን ሃገራት የገድደን። በዚ ውዕል'ዚ ፈረንሳ ኩለን ነበር ግዝኣታታ ወሰንቲ ናጽነተን ክኸና ማለአ ኣይሓደገተንን። ብኣንጻሩ ሓርነትን ክብረትን ናይ ኣፍሪቃ ዘፅዕ፡ ኣደን መመለሱ ናብ ዳግመ-መግዛእቲ ዝሰእ ሳዕቤናት ዘለዎ ሜላ ጂኦፖለቲካዊ ውዲት'ያ ክትኣልመለን ጸኒሓን ዘላ። ዚ ልዕል ኢሉ ተዘርዚሩ ዘሎ ወድዓዊ ሓቅታት ብኣብነት ንምስናይ ዝኣክል፡ ዓንቀጽ 16 ናይቲ "colonial pact" ፈረንሳ ንሃገራት ሪፓብሊክ ኮንጎን ጫድን ዘፈረመተን ቁጠባውን ባጤራውን ስምምዓት፡ ካብን ናብን ምስዘን ሃገራት ዝገበር ንግዳዊ ርክባት፡ ብመገዲ ኣብ ፓሪስ ዘሎ ናይ ወጻኢ ማእከል ሽርፊ ብምዕዳግ ወይ ብምምሕልላፍ ክገበር ኣለዎ ይብል። እዚ ማለት፡ እዘን ሃገራት ንግዳዊ ልውውጥ ብምክያድ ዝረኽብኦ ናይ ወጻኢ ሃብቲ፡ ኣብ ፍሉይ ሕሳብ መዝገብ ፈረንሳ ይቕመጥን ብናይ ፓሪስ ናይ ወጻኢ መምርሒ ዕዳጋ ይቕየድን።

ኣብ መሰርሕ ትግባረ ምሕደራ CFA ፍራንክ፡ መንግስቲ ፈረንሳ፡ ባንክ ፈረንሳ፡ ማእከላይ ባንክ ዞባ ፍራንክ፡ ንግዳዊ ባንክታት ከምኡ'ውን መንግስታት ኣፍሪቃ ብዝለዓለ ሓላፍነት ክዋስኡ ጸኒሖም ኣለው። ፈረንሳ፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ባጤራ ከይጠለበት ዝተፈላለዩ ጥረ ነገራት ከም ዓረር፡ ዚንክ፡ ማንጋኒዝ፡ ኒከል፡ ሊትዩም፡ ፎስፈይት፡ ዝርኢ ዘይቲ ወዘተ. ብኣዝዩ ቀሊል መገዲን ብኣዝዩ ሕሱር ዋጋታትን እታው ትገብር። በዚ ዓይነት ኣገባብ ድማ፡ ኣብ ሃዋህው ድሕረ መግዛእቲ ዓመታዊ ኣስታት 500,000 ብዙሓ ብርጂዋታትን ሰብ ፍሉይ ረብሓን ፈረንሳ፡ ቁጠባዊ ነዕቡዮም ኣብ ቁጠባዊ ዓንዲ-ሕቖ ናይ ሃገራት ፍራንክ ዞን ክምርኩሱ ጸኒሖም ኣለዉ።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኢልሳ ሃይለ ፍረ፡ ብዓል ቤተይ ካፒተን ጸጋዮ በርህ ኣብይ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ገብረሚካኤል፡ ወደይ ሳሞኤም ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብርሃም ዘርአ ሃይሉ፡ ኣደይ ኣብርሀት ተስፋጊርጊሽ ተወልደመድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይን 1መዋቲት ተተኪኢት ጓል ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዚግታ ተወልደ ወልደጋብር፡ ኣቦና ተወልደብርሃን ጉብስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዚግታ ተወልደ ወልደጋብር፡ ኣዴና ሳህሉ ተድላ ወልደጊርጊሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ህልዋት ኣሕዋተይን 1መዋቲ ተተካኢቱ 2 ደቁን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣማንኤል ስመረ ፍረ፡ ኣቦይ ዶ/ር ስመረ ፍረ ባይሩ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ 49 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንነ ወረ/ተቐባሽ ገብረሂወት እምነተ፡ ኣቶ ብርሃ ወልደሚካኤል ገብረማርያምን ተጸዋዕቲ ወረ/ተቐባሽ ገብረሂወት እምነተቋዲት ብርሃ ወልደሚካኤል፡ ኣስቴር ብርሃ ወልደሚካኤል፡ የናስ ብርሃ ወልደሚካኤል ኣማኑኤል ብርሃ ወልደሚካኤል ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ጸሃይ ኪዳነ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ደስታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሰለሙን ኣስፍሃ ጸጋዘኣብ፡ ኣደይ ኣብርሄት እመጻጽዮን ተድላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት 2 መወትቲ 10 ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ቀደሽ ክፍለ ተስፋዝጊ፡ ወለድና ገብረሚካኤል ወልደጋብርን ጸጋት ገብረክርስቶስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 25 ተተካእቲ ንደቂ መወትቲ ወለድና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣልጋሽ ግርማይ ምስየኔ፡ ኣቦና ግርማይ ምስየኔ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ያእቆብ ዘርኢ.ዳዊት በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ያእቆብ ዘርኣዳዊት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰተና ዘርኢ.ዳዊት በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሰተና ዘርኣዳዊት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰሊያና ዘርኢ.ዳዊት በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሰሊያና ዘርኣዳዊት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣማጸየስ ተኽሉብርሃን ተስፋጊርጊሽ፡ ኣቦና ተኽሉብርሃን ተስፋጊርጊሽን ኣዴና ኣለም ተስፋዝጊ ዓንደሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓዕዳድ

ወ/ሮ ሚዛን ኣለም መረሳ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ እምሃጽዮን ገለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኸሪዲን መሓመድኑር ቢያን ምባል ተሪፉ፡ ኸሪዲን መሓመድ ኑሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ቀ/ያቆብ ገብረብርሃን ዑቕባጼን፡ ኣደይ ሙብራት ገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኢብራሂም ዓብደልዓለም፡ ስም ወደይ ኣሕመድ ኢብራሂም ዓብዱሰለም ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ኢብራሂም ዓብደልዓለም ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ኪዳነ ክብርኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሚእከለ ኪዳነ ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናኢብ ሙልጌታ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ናኢብ ብርሃ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ንገሰ ወልደማርያም ኪዳንን ወ/ሮ ሂወት ገብረሚካኤል ኣስገዶምን፡ ስም ት/ዕድመ ጓልና ሉልያ መሓሪ እልፋይ ምባል ተሪፉ፡ ሉልያ ንገሰ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብላለ ገብረዝጊኣብሄር ሓጎስ፡ ወደይ ሚኪኤለ በየነ ታደሰ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ብርሃና ደስበለ ተስፋሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃገራዊ ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ምናኤል ዑቕባዝጊ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ኣርኣያ ዑቕባዝጊ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣስቴር ስመረ ፍስሃጼን ምባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ስመረ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ርዳእ ምሕረትኣብ ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ የርንበል ምሕረትኣብ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ናጽነት ተወልደ ገብሪሂወት፡ ብዓል ቤተይ ማጆር ትኩእ ዓንደመስቀል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ዳኒኤል ገብረስላሴ ተስፋ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥኑዳ ፕሎት 85 ቁፓርሰልዞን ASP00009112 ፓርሰል POP-85 ከቢ. ዚፕኮድ 1A179 ጎደና ኣራ ቁጽሪ-10 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ-49559/81321 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ኣመተ ሓጎስ ዕገብ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ወላዲተይ ብውርሻ ዝረኸብኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ወራሲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ካዳስተር የቕርብ፡፡

ዳኒኤል ገብረስላሴ ተስፋ

---

ኣቶ በረኸት ወልደማርያም ወልደስላሴ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቢልያርዶን ተመሳሰልቲ ገይማትን ንግዳዊ ትካሎም "ፍሬንደስ ቢልያርዶን ተመሳሰልቲ ገይማትን" (FRIENDS BILLIARDS AND RELATED GAMES) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ዝር ገብረስላሰ መዓሾ ገብረማርያም፡ ነ/ዝር ለተብርሃን መብራሀቱ፡ መንግስቱ፡ ሕጋውያን ወረስቲ ከምዝኾንና ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ወለድና ብውርሲ ዝበጽሓና ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ብቁ/ምስክር ወረቐት 104724 መወከሲ ቁጽሪ 113075 ዞባ 6 ምም/04 ቁ/ገዛ 9 ጎደና "መ"ስፍሓቱ 107.10 ዝኾነ ፕሎት 2 ፓርሰል ኤን ዝተመዝገበ ቀንዲ ዋንነት ናይ ከምሽን ኣባይቲ ስለ ዝጠፍኣና፡ ብትሕጃ ሒዙዎ ዝበለ ወይ'ውን ወዲቑ ዝረኸቦ፡ ብቴሌፎን 07881369 ክረክበና፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታ ንኽወሃበና ክሓትት ምኻነይ የረጋግጽ፡፡

ወ/ዝር ገብረስላሰ መዓሾ ገብረማርያም፡ ነ/ዝር ለተብርሃን መብራሀቱ፡
ሕ/ወራሲት ምሕረት ገብረስላሰ መዓሾ

---

ኣነ ኣቶ ዓብደራሕማን ማሕሙድ እስማዒል፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥኑዳ ማይጭሆት ጎደና 193-10 ቁ.ፕሎት 121 ቁ/ፓርሰል F ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ ሓመሽተ ቀንዲ ክፍልታትን ኣርባዕተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ዋንነት 1BRASM014981/0 ንሓለይ ሓያት ዓብደሩሕማን ማሕሙድ ብውህብቶ ስለ ዝሃብክዎ'ሞ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ እንተዘየምጽኤ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ምኻነይ ብትሕትና እሕብር፡፡

ዓብደራሕማን ማሕሙድ እስማዒል

---

ኣነ ዳኒኤል ከርስ ወልደገርግስ፡ ወራሲ ናይ ኣቡሓጎይ ነፍ/ዝር መርጌታ ወልደገርግስ ኪዳነ ኮይነ፡ ኑቲ ኣብ ከተማ ሰገነይቲ ምም/ከ/ማይ ሰገን ኣብ ዞን 4 ፕሎት 20 ኣብ ፓርሰል ክፋል 20 ኣብ 428.49 ት/ሜ ዝስፍሓቱ መሬት ዝተደኮነ፡ ብመወከሲ ቁጽሪ 540178 ብስም ዓባየይ ነፍ/ዝር ምስሉ ሞገስ ተመዝጊቡ ዝጸንሐ ገዛ ብውርሻ ንዓይ ስለ ዝበጽሓኒ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ዝተዋህበ መኣገዲ ትእዛዝ ናብ ቤ/ጽ ክፍሊ ተክኒክ ን/ዞ/ሰገነይቲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡

ዳኒኤል ከርስ ወልደገርግስ

---


### ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣስቤኮ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብሸክለታ፡ ንዓመት 2025 ንዘዳለው ቀሉብ እንቋቑሖ ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1. ናይ 2020 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡
2. ናይ 2023 ግብሪ ዝተኸፍለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡
3. ነፍሲ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብCPO የትሕዝ፡፡
4. ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቕረብ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስቤኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡
6. ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስቤኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡
7. ተወዳዳራይ ብዘለዎ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ጥራይ ዝወዳደር ይኸውን፡፡
8. ተዓዋታይ ንዝተዓወተሉ ቀረብ ዘዳልወሉ፡ ተመሳሲ ዝኸውን ጽሬቱ ብዝሓለወ መትሓዚ ይኸውን፡፡
9. ኩሉ ዓይነት ቀረባት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡
10. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ኑቲ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣስቤኮ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ-ምብራቕ ይቕጽል

ስፖርታዊ ውድድር እዚ ምብራቕ፡ ሰሉስ 18 ለካቲት ብዘተፈላለየ ውድድር ቀጺሉ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ቡያ ንቀይሕ ኮከብ 1-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ድራጎን ንቀይሕ ኮከብ 6-ብ0፡ ዋልታ ንሰላሞ 2-ብ0 ረቲዐናኣን። ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ-ተባዕትዮ ኸኣ፡ ዋልታ ንቢሻ፡ ሰዱሕ ዒላ ንራሱዱማራ ብተመሳሳሊ 3-ብ1 ሰዒረናኣን። ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሚራስ ንፍልፍል 66-ብ40 ክትስዕራ እንከላ፡ ራስ ዱማራ ንቢሻ ብበሪሕ 49-ብ16 ረቲዓታ።

ብዘይካ'ዚ ኣቐዲሙ ብዕለት 17 ለካቲት ኣብ ሜዳ ጊብዶ ኣብ መንጎ ራሱዱማራን ሰዱሕዒላን ዝተሰላሰለ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ብዖወት ራሱዱማራ 2-ብ1 ተዛዚሙ። ኣብ ሜዳ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ራሱዱማራ ንሚራስ 2-ብ1፡ ቀይሕ-ኮከብ ንዋልታ 2-ብ0 ሰዒረናኣን።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቢሻ ንሰዱሕዒላ 25-ብ7፡ ፍልፍል ንቀይሕ ኮከብ 39-ብ9 ከም ዝሰዓረኣን ካብ ሓበሬታን ገስጋስን ናይቲ እዚ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።



## ሊቨርፑል ተገዳስነታ ኣብ ልዕሊ ኢሳቕ ተዛይዱ

ኣብርሃም ዮሃንስ

ሊቨርፑል፡ ኣብ ኣንፊልድ ብዘንጸባርቕ ዘሎ ትሑት ወጽኢት ተሰኺ ዝቐረጸ ወዲ 25 ዓመት ኡራጋዊ ተጻዋታያ ዳርዊን ኑነዝ ዝመጽእ ክረምቲ ናብ ሰዑድያ ብምሻጥ፡ ብበሪሕ መጠን ገንዘብ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ክትገዝኦ ውጥን ኣለዋ።

መርበብ ሓበሬታ 'ቲምቶክ'፡ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከም ቀዳሞት ኣጥቃዕቲ ኣብ ክንዲ ንኑነዝ ንዲዮጎ ጆታን ልዊዝ ድያዝን ይመርጽ ምህላዉ ገሊጹ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ናብ ሰዑዳዊት ጋንታ ኣል-ነስር ክሰግር ተቓሪቡ ዝበረ ኑነዝ ብዘለዎ ድኹም ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ዓቕሚን ብተደጋጋሚ ካብ ጸወታ ወጻኢ (Off side) ናይ ምኻን ባህሩን ወትሩ ምስ ተነቕፈ'ዩ። ደገፍቲ ሊቨርፑል ብወገኖም፡ ካብ ጋንታኦም ክወጽእ ልዑል ባህጊ ከም ዘለዎም ይገልጹ።




ስለዚ እያ እምበኣር፡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሺፕ (ታሕተዋይ ውድድር) ኣብ መበል 24 ተርታ ብዘላ ክለብ ፕሊይማውዝ 1-ብ0 ተረቲዓ ካብ ኤፍ.ኤ ካፕ ብምስንባታ፡ ኣርባዕተ ዋናጩ ናይ ምዕታር ባህጋ ዝተኾልፈ ሊቨርፑል፡ ኣብ ክራማት ንኑነዝ ብምስንባት፡ ኣብ ውድድር ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ተጻሚዱ ዝሎ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ናብ መሳርዓ ንምጽንባር ተጉዳስነት የዕብያ ዘላ። ኢሳቕ፡ ብ17 ሸቶታት ፕሪመር ሊግ፡ 23 ሸቶታት ዝመዝገበ መሓመድ ሳላሕ፡ ከምኡ'ውን 19ን 18ን ዝቖጸሩ ኤርን ሃላንድን ክረስ ውድን ሰዒቡ፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ምህላዉ ይፍለጥ።

ኒውካስል ዝመጽእ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሳትፋ ደረጃ ሒዛ እንተዘይወዲኣ፡ ዝመጽእ ክራማት ንኢሳቕ ብ100 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ዕዳጋ ከም እተውርዶ ወረታታት ይናፈስ ብምህላዉ፡ ንበዙሓት ደለይቱ ጋንታታት ማዕጾኣ ክኸፍተላ ዓይምወን ደርኩቡ። በዚ ኸኣ፡ እታ ንኢሳቕ ንምውናን ልዑል ባህጊ ኣሕደራ ዘላ ሊቨርፑል፡ ካብ ባርሴሎና፡ ቸልሲን ኣርሰናልን ልዑል ቃልሲ ይጽበያ ከም ዘሎ ይሕበር።

## ሕጂ'ውን ታሪኽ ኣብ ጉድኒ ማድሪድ

ፈረንሳዊ ኪልያን ምባፐ ረብዕ ምሸት ሰለስተ ሸቶታት ብምቑጻር 'ሃትሪክ' ብምስራሑ፡ ንናይ ጓርድዮላ ማንቸስተር ሲቲ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣሰናቢቱዋ።

ጓርድዮላ፡ ኣብ ሜዳኡ ብማድሪድ 3-ብ2 ድሕሪ ምርታዑ፡ ናይ ዓወት ተኽእሎኦም ሓደ ሚእታዊት ከም ዝኾነ ኣቐዲሙ እዩ ሓቢሩ ነይሩ። ከም ትጽቢቱ ኸኣ፡ ኣብቲ ብረቡዕ ዝተኻየደ ጸወታ ማድሪድ መሪሕነት ክትሕዝ ኣርባዕተ ደቒቕ ጥራይ እዩ ወሲዱላ። ኣብ 33ን 61ን ደቒቕ ድማ፡ ክልተ ሸቶታት ወሲኻ።

ዝበን ሸቶታት ዘመዝገበ ካብ ፒኤስጂ ናብ ማድሪድ ኣብ ወርሒ ሰነ ዝተጸንበረ ምባፐ፡ ኣብ ፈለማ እዚ ወቕቲ ትሑት ብቕዓት ምርኣዩ ይዝከር። ኣብዚ እዋን ግና፡ ቀዳማይን ወሳኒን ኣጥቃዓይ ጋንታኡ ምኻኑ፡ ዝያዳ በዚ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ዓቕሙ ኣመስኪሩ።

ምባፐ ድሕሪ'ዚ ንፈለማ ግዜ ብማልያ ማድሪድ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ሃትሪክ ዝሰርሓሉ ጸወታ፡ "እቲ ናይ ምልምማድ እዋን ሓሊፉ'ዩ፡ ሕጂ ብቕዓተይ ዘርእየሉ እዋን'ዩ። ጽቡቕ ብምጽዋት ኣብ ማድሪድ ታሪኽ ክጽሕፍ'የ ዝደሊ" ኢሉ። ምባፐ፡ ካብ'ቲ ንማድሪድ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድር 27 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ ይርከብ።

እዚ ፈረንሳዊ፡ ኣብዘን ምስ ፒኤስጂ ዘጸንሓለን ሸውዓተ ዓመታት፡ ኣብ 308 ግጥማት 256 ሸቶታት ምቑጻሩ ይዝከር።

ንምባፐ "ድፍድፍ ዶልሽ" ክብል ዝጸወየ ዓለማዊኡ ኣንቸሎቲ፡ ኑቲ ምስ ማድሪድ ብምኻን ኣብ 438 ጸወታታት ተሰሊፉ 451 ሸቶታት ብምምዝጋብ 'ናይ ኩሉ ግዜ' ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ሪያል ማድሪድ ዝብል ክብሪ ሒዙ ዘሎ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ከርክቦ ዓቕሚ ከም ዘሎዎ ገሊጹ።

ኣንቸሎቲ ብዘይካ'ዚ፡ "ኣብ ሻምፒዮንስ ሊግ ቃልሲ ኣሎና፡ ኣብዚ ውድድር ዝውነሐ ርሕቀት ናይ ምጉዓዝ ዕድል'ውን ኣሎና" ክብል ንዛ ዋንጫ ንመበል 16 ግዜኣ ክዕውቱላ ምኻኖም ዘሎዖ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ። ኣብ ካልኣይ እግሪ ንሲቲ 3-ብ1 ዝሰዓረታ ማድሪድ፡ ብድምር ክልተ እግሪ 6-ብ2 ተዓዊታ እያ፡ ናብ ዙር 16 ሓሊፉ ዘላ።

ብመንገዲ ኒካ ኻዚለዝ ካብ ስዕረት ዘናገፈቶ ሸቶ ዝረኸበ ጓርድዮላ፡ "ክንቅበሎ'ዩ ዘሎና። እታ ዝበለጸት ጋንታ ተዓዊታ ኣላ፡ የዋና ማድሪድ። ብሉጻት'የም፡ ዓወት ድማ ይግብኦም። ንዓና ጽቡቕ ወቕቲ ናይዚ ሊግ ኣይነበረን፡ ንዝመጽእ ዓመት ግን ክንቃለስ ኢና። ሕጂ ኣድህቦና ናብ ፕሪመር ሊግ እዩ" ክብል ስዕረቱ ድሕሪ ምቕባሉ፡ "ሕጂ ብርግጽ ሪያል ማድሪድ ንሻምፕዮንስ ሊግ እትዕወት ተወዳዳሪት እያ፡ እንተኾነ ካልኦት ብሉጻት ጋንታታት ኣብ ጉድና ኣለዋ" ብምባል'ውን ዙር 16 በዓል ከም ዝኸውን ኣተንቢሁ።




## ህልኽ ሊቨርፑልን ኣርሰናልን ክሳዕ ወርሒ ግንቦት ክጸንሕ ድዩ?

ዋላ'ኳ ሊቨርፑል ንናይ ዋንጫ ቅልስ ዓብሊላቶ እንተላ፡ በዚ እተንጸባርቐ ዘላ ወጽኢት ግን ምስ ኣርሰናል ዘሎዋ ናይ ዋንጫ ቅልስ ክሳዕ ወርሒ ግንቦት ክጸንሕ ከም ዝኽእል፡ ተንተንቲ ስፖርት ይሕብሩ ኣለዉ። ንፕሪመር ሊግ ትመርሖ ዘላ ሊቨርፑል፡ ድሕሪ'ቲ ረቡዕ ምሸት ምስ ኣስቶን ቪላ ማዕረ ብምውጻኣ ዝኸሰረቶ ክልተ ነጥቢ፡ ንኣርሰናል ጽቡቕ ዕድል ፈጢራትላ ኣላ። ጸባሕ ቀዳም ኣብ መበል 26 ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ ንዌስት ሃም እትዕድማ ኣርሰናል፡ ነታ ጸወታ እንተተዓዊታትላ፡ ምስ ሊቨርፑል ዘሎ ፍልልይ ናብ ሓሙሽተ ከተውርዶ እያ።

ሊቨርፑል፡ ኣብ ዝስዕቡ ክልተ ናይ ሊግ ግጥማት፡ ከበድቲ ጸወታታት ምስ ማንቸስተር ሲትን ኒውካስልን ይጸበያ። ወላ'ኳ ትሑት ተኽእሎ ይኹን ሊቨርፑል ኣብዘን ግጥማት እንተ ተሳዒራ፡ ኣርሰናል ድማ ንዌስትሃምን ኖቲንግሃምን እንተ ሰዒራተን፡ መሪሕነታ ድሕሪ ነዊሕ ኣዋርሕ ንኣርሰናል ከተረክብ እያ። ሊቨርፑል ካብ ዝተረፈ ዳሕረዎት ሓሙሽተ ጸወታታት 11 ነጥቢ ክትእክብ እንከላ፡ ኣርሰናል ብኣንጻሩ 13 ነጥቢ እያ ኣኪባ። እዚ ድማ እቲ ህልኽ ከም ዝቕጽል ዘርኢ እዩ።

ሊቨርፑል ድሕሪ'ቲ ምስ ማን ሲትን ኒውካስልን ዘሎዋ ግጥም፡ 5 ሚያዝያ ምስ ፉልሃም እተካየዶ ጸወታ ጉዲፍካ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢትን ሚያዝያን ምስተን ኣብ ድሕሪት ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ ዝርከባ ጋንታታት እያ ክትገጥም። ወላ'ኳ ኣብ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትጸመድ እንተኾነት፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ግን ትንፋስ ክህባ ይኽእል'ዩ። ብኣንጻሩ ኣርሰናል ድሕሪ'ቲ ምስታ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዘላ ኖቲንግሃም ፎረስት እተካይዶ ጸወታ፡ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ተጓዒዛ ግጥም ብምኽያድ፡ ምስ ቸልሲ፡ ፉልሃምን ኤቨርተንን እያ ክትራኸብ። ብመጠኑ ድማ ካብ ናይ ሊቨርፑል ዝኸበደ ግጥማት ይመስል።

በዚ ኾይኑ በቲ፡ ኣርሰናል ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ ዘካየደቶም 39 ግጥማት ብኣማኢም ሰለስተ ሸቶታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ክተመዝግብ እንከላ፡ ሊቨርፑል ብወገና ኣብ 35 ጸወታታት ብኣማኢም 2.9 ሸቶታት ኣመዝጊባ። ተሪፉወን ኣብ ዘሎ ግጥማት ተኽእሎታት ዓወትን ስዕረትን ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ እዘን ጋንታታት ክሳዕ ወርሒ ግንቦት ክሳድ ንኽሳድ ክተሓናነቓ ትጽቢት ይግበረለን።

## ራሽፎርድ ኣብ ቪላ ይደምቕ

ዘርኣማርያም ክስተ

ብቕድሚ ትማሊ ምሸት ኣብ ዝበረ ሓደ ጸወታ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ መራሒት ናይ'ቲ ውድድር ዘላ ሊቨርፑል ናብ ቪላ ፓርክ ገይሻ ምስ ኣስቶን ቪላ ቡዶሊ ግጥም ምኺያዳ ይፍለጥ።

ኣብቲ 2-ብ2 ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ኣስቶን ቪላ ብልቓሕ ዝተሰጋገረ ኣጥቃዓይ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ብሉጽ ምቅንጻቓስ ምዝዕብራቑ ተገሊጹ። ኣሰልጣኒ ቪላ ኡናይ ኤምረ ድሕሪ'ቲ ጸወታ ብዛዕባ እዚ እንግሊዛዊ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ "ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ፡ ካብኡ ብዙሕ ክንጽበ ኢና። ምስ ብሉጻት ተጻወትቲ ምጽዋት ጽቡቕ እዩ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝገበር ጸወታታት ካኣ ዝያዳ ክሕግዘና ትጽቢት ንገብር። ከምቲ ሊቨርፑል ኣብ መሓመድ ሳላሕ ተመርኵሳ ትሰርሖ ዘላ፡ ንሕና'ውን ኣብ ራሽፎርድ ተመርኲስና ክንሰርሕ ኢና ንደሊ። ምስ ማርኮ ኣሰንስዮ ተደራቢ ሓይሊ ፈጢሩልና ኣሎ። ኣብ ድሕሪት'ውን ኣክሰል ዲሳሲ ምምጻኡ ጽቡቕ ስራሕ ክንዓምም ኢና። ኣብ ዝቕጽል ድማ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ክንርእዮም ኢና።" ኢሉ። ኣሰንስዮ፡ ካብ ፒኤስጂ፡ ዲሳሲ ከኣ ካብ ቸልሲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ከምዝተጸምበሩ ይዝከር።

ራሽፎርድ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናብ ቪላ ፓርክ ቅድሚ ምምፃኡ ኣብ ኩሉ ውድድር ንዩናይትድ ሸውዓተ ሸቶታትን ሰለስተ ሓገዝን ጥራይ ከምዘበርከተላ ይሕበር። ሓደሽ ብደሆ ንምፍታን ድሉው ምህላዉ ድሕሪ ምሕባሩ ከኣ፡ ብማልያ ቪላ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣብ ምርኣይ ደርኩብ - ልክዕ ከምቲ ወዲ ጋንታኡ ዝበረ ኣንቶኒ ኣብ ሪያል ቤትስ ኪይዱ ብቐዓቱ ዘንጸባርቕ ዘሎ።




ራሽፎርድ ብሓፈሻ ንዩናይትድ ኣብ 289 ጸወታታት ክውክል እንከሎ፡ 89 ሸቶታትን 43 ናይ ሸቶ ዕድላት ከም ዘበርከተላ ስታስቲካዊ ሓበሬታታት የረድኡ።

## ዩሃይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ

ኣብ ዙር ኣልጀርያ ክትወዳደር ዝቐነየት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብታ ሃገር ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ተሳቲፋ።

ኣብ 112.5 ኪሎሜተር ዝሸፈነት ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ክሉብ ማዳር ተመራሪሖም ተዓዊቶምሉ። ዳዊት ሳዕቓብ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ያሰም ሓምዛን የሰፍ ረጉግን ከኣ ብተመሳሳሊ ግዜ ብ2 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 59 ካልኢትን ድሕሪኡ ኣትዮም።

ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ዳጸም ፍጹምብርሃን 2 ደቒቕን 9 ካልኢትን ድሒሩ 10ይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ 2 ደቒቕን 30 ካልኢትን ድሒሩ መበል 23 ኣትዩ። ናህም ብርሃነ፡ መበል 27 ደረጃ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ሄብሮን ብርሃነን ሚልኪያስ ማእከለን ግና፡ ውድድሮም ኣይዛዘሙን።

ሃገራዊት ጋንታ፡ ናይ ኣልጀርያ ውድድራታ ጽባሕ ብእትካየዶ ናይ መወዳእታ ናይ ሓደ መዓልቲ ጸወታ ክትዛዝም እያ። ጽቡቕ ዕድል!

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሌስተር - ብረንትፎርድ 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## መራሕቲ ቀጠርን ኢራንን ርክብ ኣካዪዶም

ኣሚር ቀጠር ሸኽ ታሚም በን ሓማድ ምስ ሳዕለዋይ መራሒ ኢራን ዓሊ ኻሚን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ጣህራን ርክብ ከምዘካየደ ተሓቢሩ።

እቶም መራሕቲ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ከምኡ'ውን ንኽልቲኤን ሃገራት ኣብ ዘገድሱ ኣብ ዞባዊን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘትዮም።

ሸኽ ታሚም፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዘሎ ወጥሪ ኣፍልጦ ብምሃብ፡ ሃገራት ነቲ ኩነታት ንምፍታሕ ዝያዳ ክተሓባበራ ከምዝተሓሳሰበ፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና ኢራን 'ኢርና' ሓቢራ።

ኻሚኒ ብወገኑ፡ ዋላ'ኳ ገለ ዘይንጹርን ዘይተፈትሐን ጉዳያት ከምኡ'ውን ዝያስከለ ሕሶባት መንግስቲ ኢራን እንተሃለወ፡ ኢራን ግና ንቐጠር ከም መሓዝኣ ከም እትቖጽራ ገሊጹ።

ብመሰረት እገዳ ኣመሪካ፡ ኣስታት 6 ቢልዮን ዶላር ገንዘብ መንግስቲ ኢራን ደስከሉ ከምዝሎ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ኣብ ባንክ ቀጠር ተታሒዙ ከምዘርከበን ይፍለጥ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሸኽ ታሚም ኣቐዲሙ ኣብ ርእሰከተማ ኢራን ምስ ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፔዝሽክያን ተራኺቡ ድሕሪ ምዝታይ፡ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቦም ነይሮም።

እቶም መራሕቲ፡ ሓድሽ ግዝኣታት ሶርያን ተሳትፎ ኩሎም ሶርያውያን ኣብ ምውሳን መጻኢኦምን ኣመልኪቶም ከምዝዘተዩ ተሓቢሩ።

ቀጠር፡ ድሕሪ ናይ 15 ኣዋርሕ ኩናት ቓዛ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ተኸሲቲ ደው ንምባል ንዘበርከቶ ናይ ሸምጋልና ጻዕርታት፡ ሃገሩ ከምእተመስግና ፕረዚደንት ፔዝሽክያን ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ እቶም መራሕቲ ኣብ ምዕባይ ቁጠባዊ ርክብ ሃገራቶም እውን ዘትዮም።



## ሓማስ፡ ሬሳ 4 እስራኤላውያን ንቀይሕ-መስቀል ኣረኪቡ



ሓማስ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ ጅሆ ተታሒዞም ናይ ዝጸንሑ 4 እስራኤላውያን ሬሳ ንቐይሕ-መስቀል ከምዘረከበ ተሓቢሩ።

እቲ ናይ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲን ክልተ ደቃን፡ ከምኡ'ውን ናይ ወዲ 83 ዓመት ሰብኣይን ሬሳ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ እዩ ኣብ ከተማ ኻን-ዩኒስ ንቐይሕ-መስቀል ተረኪቡ።

ኣፈኛ ናይ'ቲ ፍልስጤማዊ ምንቅስቓስ፡ እቲ ሬሳታት ንቀይሕ-መስቀል ኣብ ዘርከበሉ ዝበረ እዋን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቶም ጅሆታት፡ ነፈርቲ እስራኤል ነቲ ተኣሲሮምሉ ዝነበሩ ቦታታት ኮካ ኢለን ቅድሚ ምድህበዓበን ኣርባዕቲኦም ብህይወት ነይሮም እዮም" ክብል ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሓማስ ነቶም እሱራት ዝከኣሎ ከምዝቐረበሎም፡ ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ከምዝገበረሎም ብምሕባር፡ ሰራዊት እስራኤል ግና ምስ'ቶም ዝግረኹዎም ከምዝቐተሎም ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ምንቅስቓስ ንስድራቤት እቶም ዝተቐትሉ እስራኤላውያን እሱራት ብምጥቃስ፡ "ኣቦላት ስድራቤትኩም ብህይወት ክምለሱ ምመረጽና ነይርና፡ መራሕቲ መንግስትን ሰራዊትን እስራኤል ግን ኣብ ክንዲ ምምላስ ክቐትልዎም'ዮም መሪጾም" ኢሉ።

ምምላስ እቶም ሬሳታት፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ሓማስን እስራኤልን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲቲ ኮይኑ፡ ኣምሳያኡ ኣማኢት ፍልስጤማውያን ካብ ኣብያተ-ማእሰርቲ እስራኤል ክፍትሑ እዮም።

## ፕረዚደንት ብራዚል ነበር ብፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ተኸሲሱ

ዋና ኣኽባሪ ሕጊ መንግስቲ ብራዚል፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ነበር ጃየር ቦልሶናሮ ኣብ 2022 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ድሕሪ ዘጋጠሞ ስዕረት ኣብ ስልጣን ንምጽናሕ ዕልዋ መንግስቲ ከምዝፈተነ ከሲሱ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ፕረዚደንት ነበር ንፕረዚደንት ሉላ ዳሰልቫ ንምቕታል'ውን ውዲት ኣሊሙ ከምዝነበረ እዩ ተኸሲሱ ዘሎ።

ፕረዚደንት ብራዚል ሉላ ዳ ሰልቫ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2022 ንቦልሶናሮ ብጸቢብ ድሕሪ ምስዓሩ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2023 ንሳልሳይ ግዜ ፕረዚደንት ብራዚል ኮይኑ ናብ ስልጣን ምምላሱ ዝዝከር እዩ።

ድሕሪ'ቲ ምርጫ፡ ቦልሶናሮ፡ ኣብ'ቲ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ኣሹሓት ኤሌክትሮኒካዊ ማሽናት ድሕሪ ዘጋጠመን ብልሽት ድምጺ ከምዝተሰርቀ እዩ ጥርዓን ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ውዲት፡ ብድምር 34 ውልቀ-ሰባትን ሓያሎ ወተሃደራውያን ሰበስልጣናትን ከምዝተኸሰሱ ይንገር።

ጠበቓታት ቦልሶናሮ፡ እቲ ፕረዚደንት ነበር ንደሞክራሲያዊ ግዝኣተ ሕጊ ይኹን ነቶም ንዕኡ ዝድግፉ ትካላት ንምፍራስ ዝዓለመ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ከምዘይገበረ ብምግላጽ፡ ነቲ ክሲ ነጺጎሞ ኣለው።

እዚ ዳሕረዋይ ክሲ፡ ኣብ መጀመርታ 2023 ኣብ ርእሰከተማ ብራዚል ደገፍቲ ቦልሶናሮ ኣንጻር እቲ ምርጫ ናዕቢ ድሕሪ ምክያዶም ንኽልተ ዓመት ዝጸንሐ መርመራ ክካየድ ድሕሪ ምጽንሑ እዩ ዝመስረት ዘሎ።



ኣቡቲ እዋን'ቲ ቦልሶናሮ ኣብ ኣመሪካ'ኳ እንተነበረ ድሒሩ ግን እቲ ናዕቢ ደው ክበል ብምጽዋዕ ስልጣን መንግስቲ ሉላ ምቕባሉ ይዝከር። እንተኾነ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ክሳብ 2030 ኣብ ብራዚል ህዝባዊ ስልጣን ከይሕዝ ተኣጊዱ ኣሎ።

## መስርሕ ፍርዲ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ጀሚሩ

ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ዩን ሰክዮል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ንሓጺር እዋን ወተሃደራዊ ሕጊ ኣብ ዘታኣታተወሉ እዋን ናዕቢ ንምውዳብ ከምዝፈተነ ድሕሪ ምኽሳሱ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ንመጀመርታ መስርሕ ፍርዲ ኣብ መጋባእያ ከምዝቐረበ ተገሊጹ።

እቲ መስርሕ ፍርዲ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት-ፍርዲ ሴኡል ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን፡ ሓያሎ ደገፍቱ ኣብ ኣፍደገ እቲ ቤት-ፍርዲ ተኣኪቦም ከምዝነበሩ ድማ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ብጠበቓታት እቲ ፕረዚደንት ዝቐረበ ካብ ማእሰርቲ ንኽወጽእን ማእሰርቱ ክስረዘን ዝቐረበሉ ሕቶ ዳግማይ ክምርምሮ ምኻኑ ኣቢሩሁ።

ዩን ኣብ ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት'ውን መስርሕ ፍርዱ ንምቕጻል ናብ መጋባእያ ዳግማይ ክቐርብ ምኻኑ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣፊሩ።

ፖሊስ ደቡብ ኮርያ፡ ንፕረዚደንት ዩን ብ15 ጥሪ ኣብ ቀጽሪ መንበሩ ንሓደ ሰሙን ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ቀይዲ ከምዘእተዎ ዝዝከር ኮይኑ፡ እዚ ድማ ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣብ ልዕሊ ኣብ ስልጣን ዝበረ ፕረዚደንት ዝተወስደ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ እዩ።

ዩን፡ ደቡብ ኮርያ፡ ካብ ሓይልታት ሰሜን ኮርያ ክመጽኣ ንዝኽእል ስግኣት ንምክልኻልን ጸረ-ሃገራዊ ባእታታት ንምውጋድን ብ3 ታሕሳስ ኣብ ተሌቪዥን ሃገሩ ቀሪቡ ወተሃደራዊ ሕጊ ምእዋጁ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ ነቲ ስጉምቲ ዝቃወሙ ብኣሹሓት ዝቑጸሩ ሰልፈኛታት ኣንጻር እቲ ስጉምቲ ድምጾም ከስምዑ ናብ ጎደናታት ከምዝወጹ፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ድምጾም ብምሃብ ነቲ ወተሃደራዊ ሕጊ ካብ ዝእወጅ ኣብ ውሽጢ ኣስታት ሽዱሽተ ሰዓታት ከምዝልዓልዎ ይዝከር።




## ሰጳኛ - ዕጸ-ፋርስ ዝኽዘነሉ ገለርያ ተረኺቡ

ፖሊስ ሰጳኛ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ መሓውራት ኣብ ዘየሕጋዊ ምስግጋር ዕጹፋርስ ዝጥፉ ጉጅለታት ንምብታኽ ዘካየዶ ዘሎ ስርሒት፡ ካብ መሬት ሞሮኮ ናብ ከባቢ ሰጳኛ ዝሽይድ መኽዘን ዕጹፋርስ ዝኾነ ገለርያ ከምዝረኸበ ኣፍሊጡ።

ፖሊስ ሰጳኛ ከምዝሓበሮ፡ እቲ ዓሰርተታት ሜትሮታት ንውሓትን 12 ሜትሮ ዕምቆትን ዘለዎ ትሕተ-መሬታዊ ገለርያ፡ ኣብ ሰሜናዊ ገማግም ባሕሪ ሞሮኮ እትርከብ ርእሰ-ምምሕዳራዊት ከተማ ሰጳኛ ዝኾነት 'ሴውታ' ከምእተረኽበ ኣፊሮም።

ማዕከናት ዜና ሰጳኛ፡ እቲ ገለርያ ኣብ ውሽጢ መሬት ሞሮኮ ብውሑዱ ናይ 50 ሜትሮ ንውሓት ከምዘለዎ እኳ እንተጠቐሱ፡ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ግና ካብ'ኡ ንላዕሊ ክኸይድ ከምዝኽእል ብምሕባር፡ እቲ ገለርያ ኣበይ ከምዘውድእ ገና ከምዘይተፈልጠ ኣብሪሆም።

እቲ ገለርያ፡ ብናይ ጸዕቶ መካይን ሓሸሽ ናብ ሰጳኛ ኣእትዮም ተባሂሎም ዝተኸሰሱ ብርክት ዝበሉ ገበናታት ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ስርሒት ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን እዩ ተረኺቡ።

ቡቲ ፖሊስ ሰጳኛ ዘጠሶ 'ሃደስ' ተባሂሉ ዝተሰየመ ስርሒት፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ሰሙናት ክልተ ፖሊስ ዝርከብዎም 14 ሰባት ኣብ ቀይዲ ከምዝኣተዉን 6 ሽሕ ኪሎ ዝማዝን ዕጹፋርስ ድማ ከምዝተረኽበን ይሕብር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 21/02/2025 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ከባቢ ቤት ክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ | 08370134 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |